
# [illegible]

[illegible] ኤርትራ

ኅዳር 1971 ዓ.ም.



[illegible]

# ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ።

## ንሕናን ዕላማናን።

ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ንሕና መን ምዃናን ርእይቶና ብዛዕባ ሓደ-ሓደ ፖሊቲካዊ ኩነታት ናይ ሃገርናን ዝገልጽ ጽሑፋት በብግዜኡ ዘርጊሕና እኳ እንተነበርና፡ ካብ ቀሕዲ ግንዛበን መሳ-ርሕን ጽሑፋትና ናብቲ ዘድሊ ቦታታት ከምዘይበጽሐ ንርደኦን ንፈልጦን ኢና።

ሕጂ ነዚ ዓቢ ዕድልን ምቹእ ግዜን ረኺብና "ንሕናን ዕላማናን" ብዝብል ኣርእስቲ እንቕርቦ ታሪኻዊ ጽሑፍ፣ ኣገዳስነቱ ንጉዳይ ሃገርና ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን፣ ንደገፍትና ብፍላይ፡ ንህዝቢ ዓለም ድማ ብሓፈሻ-ሚዛን ዘለዎ ስለ ዝኾነ፡ ሸለልትነት ከይወሃቦ እናኣዘኻኸርናን እናኣጠንቀቕናን ንሕና መን ከምዝኾንናን ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነስ ሃገርና ኤርትራን ህዝባን ገድሉን እንታይ ከምዝኾነ ክፍለጥ፡ ንገድሊ ተጋዳሊ ብሩህን ኣድጋብን መሰረት ከምዘለዎ ንረጋግጽ።

ንሕና ማለት እዞም ሕጂ ኣብ ቅድሜኹም ቀሪብና እንዛረብ ዘሎና ተጋደልቲ ኤርትራውያን እቶም ብመጋቢት 1969 ዓ.ም.ፈ. ካብ ም-ምሕድዳር "ቀያዲ ኣል ዓማ" ዝተፈለና ኢና። እወ ንሕና ዳርጋ ኩላትና ወይ መብዝሕትና ብትውልድና፡ ብባህልና፡ ብታሪኽን ክርስትያን ኢና። ብደገ ናይ ኩነታትና ህላዌ ዝርኢ እውን "ሃይማኖታውያን" እዮም ይብል ይኸውን፣ ዕላማና ዘይፈልጥ ከምኡ ምስ ዝብል ኣይተሓዘን ኣዩ ብምባል ብሸለልትነት ክንሓልፍ ስለዘይንደሊ ግን፡ መንነትናን ዕላማናን ክፈልጥ ንዝደሊ ንጽሑፍና ብምሉኡ ንኽንብቦ ሓደራ ንብል።

ብንግቡን ብወረን ዘይኮነ እውን ብዛዕባና ግር ዝብሉ ነገራት ምስ ዝህሉ ክንርድኦን ክንፈልጦን ቅሩባት ከምዝኾንና ንረጋግጽ።

ንሕና ንምንታይ ከምዚ መኾንናን፣ ንምንታይ ከምእተፈለናን፣ መድወሪ ትርጉም ርሕቀት ምኽንያቱ ንርደኦ እኳ እንተኾንና ተዓዘ-ብትን ተጋደልትን፣ ክርስትያን ንምንታይ ተፈሊዮም፣ ከመይ ኢሎም ተፈሊዮም? መኣስከ ተፈሊዮም፣ እንታይ እዩ ዕላማኦም? እንታይ ኣዩ ድልየቶም? ሃይማኖታውያን ድዮም ሃገራውያን?

ተጋደልቲ ድዮም ምእመናን? መድሓርሓርቲ ድዮም ገስገስቲ? እንታይ.....? ከመይ....? ስለምንታይ...? እናበሉ ከምዝሓቱ ምስ ገዛእ ርእሶም ተማራሚሮም ኣጸጋቢ መልሲ ከይረኸቡ ከም ዝሸገሩ ንግንዘቦ ኢና። ንሱ ተሪፉ ዝተዛወረ መልሲ ረኺ-ቦም ዝሓምዩናን ዝጸልኡናን ከምዘለዉ ኣይንስሕቶን ኢና። ብዛዕባ ኩነታትና ሕቶታት ጥራይ ኣይኮነን ንሕተት፡ ርእይቶታት እውን ይወሃብ እዩ። ብዙሓት ናህና ተመሊሶም "እንቋዕ

ደኃ ኣብ ኣስካም ተፈልዩ"፣ ገለ'ውን "እንቋዕ ደኃ ተፈልዩ ከንደይ ኢሎም ደኃ ከጽመሙ" ሓደ-ሓደ ድማ "እዚኣቶም ሃፀማ-ሞታውያን እዮም" እዚግ...... እቲግ... እናበሉ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ኣትዮም ዝተንተንዎ ርእይቶታት ቀሂሩ ቀኹኑ። ከኣ ንዓና ንምትሳል ፡ ንምንኻድ ፡ ንምፍርራሕ ፡ ንምኽፋእ ፡ ንምእራም ፡ ንምግዛእን ካልኦት ነንበዓሉ ሽቶታት ዘለዎ ዕላማታትን ናብ ምምራሕ ዝወሃቦ ርእይቶታት ኣብ ቀጥዒ ናይቶም ብሃልቱ ይበዝሕ ይኽውን።

ንሳታቲ ዘጽግብ መልሲ ንምሃብ ፣ ከታልሉና ንዝፍትኑ ኣብ ድኻሙ ከምዘቋርጽ ንምግባር ፣ ንዝንእዱና ናይ ምስጋና ቃል ንምቕራብ ፣ ክገዝኡና ንዝፍትኑ መልክዕና ከምዘይንቕየር ንምርግጋጽ ፣ ከእርሙና ንዝፍትኑ ንደልዮ ሓሳባቱ ንምቕባል ፣ ክ-ገዝኡና ንዝፍትኑ ዕንጻይቲ ወይ እንስሳ ከምዘይኮና ንምርግጋጽ ፣ ናትና'ምበር ናይ ካልኦት ሓሳባት ከምዘይኮነ ንርደኦ ኢና። እንተ-ዩነትና ዕላማናን ድማ ቅድሚ ኩሉ ሓታትን ለፍላፍን ንሕና ባዕላትና ኣጸቢቕና ስለ እንፈልጦ መንነትና ንምግላጽን ዕላማና ንምብራህን ናትና ሓሳባት እምበር ናይ ካልኦት ከምዘይኮነ ኣናንፍለጥና ፣ ጽሑፍና ጉሉሕ መረዳእታ ንኽኸውን ተሰፋ ንገብር።

## ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ሃገርና ኤርትራን ሕብረተ-ሰባን

ንሕና ኤርትራውያን ፣ ፍሉጥ ሕንጻ-ጻት ዶብን ፣ ፍሉይ ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶን ፣ ፍሉይ ፖለቲ-ካዊ ምዕባለን ፣ ፍሉይ ታሪኽን ፣ ፍሉይ ባህልን ልምድን ናይ ዘለዎ ሃገር ህዝቢ ከምዝኾንና ማንም ኣይስሕቶን እዩ። ብባዕዳውያን ጨኮንትን ፡ ኮራ ኩር ሃጸያንት ብዝኾኑ መስፋሕፋሕቲ ኣፍሪቃውያን ንድሕሪት ተጎ-ቲቶ ፣ ታሪኽና ተዛዊሩ ፣ ቋንቋታትና ጠፊኡ ፣ ባህልናን ልምድናን ብናይ ባዕዳውያን ተዓብሊሉ ፣ ሱባኣዊ መሰል-ናን ክብረትናን ስለ እተጋህሰ ነዚ መሪር ጭኮና ንምድምሳ-ሳስ ኣብ ነዊሕ ዓመታት ክንጋደል ዝጀመርና ህዝቢ ዓለም ዝምስክሮ እዩ። እዚ ሕጂ ኣንጻር ጭኮና መንግሥቲ ኢትዮጵያ እንገብሮ ዘሎና ተጋድሎ እውን መቕጸልታ ኤርትራዊ ተጋድሎና ኣንጻር ባዕዳዊ ጭኮና ብዕጥቂ ብረት እዩ። እዚ ሕጂ እንገብሮ ዘሎና መስዋ-እቲ ኣብ ጭኮና ኃይለ ስላሴን ፡ ጉይቶቱን ወጺእና ናይ ሕብረተ-ሰብና ሓርነትን ፡ ናይ ሃገርና ናጽነትን ረኺብና ህዝቢ ኤርትራ ርእሱ ክኢሉ ንኽግስግስ ብምሕሳይ እዩ።

ብንግንዘቦ ዝማገኻና ግን ጭኮና ባዕዳዊ ጥራይ ክምዘይኮነ እዩ። ባዕዳዊ ተባሂሉ ድማ ኣይውሰንን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ እውን ጭኮናን ተጋድሎን ኣሎ። ሃብታም ኣብ ርእሲ ድኻ፣ ጎይታ ኣብ ርእሲ ጊላ፣ ሓያል ኣብ ርእሲ ድኹም፣ ሹመኛ ኣብ ርእሲ ዓዲ፣ ብሉጽ ኣብ ርእሲ ሓድሽ ...... ወዘተ፣ ዝገብሮ ናይ ኢኮኖምን ፖለቲካን ጭኮና ኣሎ። ጭኮና ጡዒሉ ሓፈሩ ተቓውሞ ስለ ዝረኽብ ግን ድኻታትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ርእሲ ሃብታማት፣ ጊላታት ኣብ ርእሲ ጎይቶት ክምዝተንስኡ፣ ዓዲ ኣንጻር ሹመኛ ክምዝዕጠቕ፣ ድኹማት ኣንጻር ሓያል ክምዝሓብሩ፣ ሓድሽ ኣብ ርእሲ ብሉጽ ክምዝምንፈል ዝተራእየን፣ ታሪኽ ዝምስክሮን እዩ። ማለት ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝርከቡ በዓይነቶም ጭኮናታት ፈሊጦም ምስ ዝግንፍሉ ናይ ተጨኮንቲ ሓይሊ ተሳዒሉ። ክም ዝብሕቑቖም ካብ ሰብኣዊ ዓቕሚ ሓሳብ ዝተሓፈነ ኣይኮነን።

ኣብ ሓደ ሃገር ዝተደላደለ ወይ ማዕረ ዝኾነ ሓርነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይቲ ሕብረተሰብ ክሳብ ዝርከብ ጭኮናን ተጋድሎን ኣየቋርጽን እዩ። ኣብ ኤርትራ ሕብረተሰብ፣ ሽሕ ኢ ኤርትራውያን ብሓፈሻ ዝመምር ታሪኽን ኢኮኖምያዊ ትሕዝቶን ፖለቲካዊ ምዕባለን ዝተቐራረበ ወይ ዝተዛመደ ቋንቋታትን ዓደን እንተሎና ክምሕብረተ ሰብ መጠን ብዙሕ ተቓራኒ ጠባያት ኣለዎ። ንኣብነት እቲ ኣብዚ ኣውራ መንቀሊ ኣርእስትና ኮይኑ ዘሎ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ዝመስል ዕምቆት ትርጉሙ ንምርዳእ ኣብ ክንዲ ኤርትራ፣ ኣብ ምስልምናን፣ ክርስትናን ዝተኸፍለት እያ ምባል፣ እስከ ኤርትራን ህዝባን መን ክምዝኾኑ መርሚርና ንፈልጥ።

## ሀ. ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ።

ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያን፣ ሱዳንን፣ ቀይሕ ባሕርን እትዳወብ ሃገር ብጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ብሓፈሻ ኣብ ከበሳን፣ ቈላን እትምቀል ሃገር ክትከውን እንክላ፣ ኩሉቲ ገምገም ባሕርን ምስ ሱዳን ዝዳወብ ምዕራባዊ ወገንን ምስ ቈላ፣ እቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝዳወብ ወገናት ድማ ክብ ዝበለ ኮይኑ ከበሳ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ምስፍሕፋሕ ብሓፈሻ ምስቲ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ዝተኸፍለ ስለ ዝኾነ፣ እቶም ኣብ ከበሳ ዝቕመጡ ኤርትራውያን መብዝሕትኦም ኣብ ክርስትና ዝተጠመቑ ክኾኑ እንከለዉ፣ እቶም ኣብ ቈላታት (መታሕት) ኤርትራ ዝቕመጡ ኤርትራውያን መብዛሕትኦም ወይ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ እዮም።



ተጋዳልቲ፡ ህ·ግ·ሓ·ኤ ነቲ፡ ህዝቢ፡ ናይ፡ ምክልኻል፡ ጸጋዩ፡ ክህቦ
ክሎው፡ ዘርኢ፡ ስእሊ።

ቢቲ ኢጣልያውያን ገዛኣቲ ዝሓንጸጽዎ፡ ኤርትራ ኣብ ሸሞንተ ኣውራጃታት ክትምቀል እንከላ ፡ ከበሳ ሓማሴንን፡ ሰራዩን፡ ኣከለጉዛይን ዝጥርንፍ ኰይኑ፡ እቲ ቈላታት ገምገም ባሕርን ሳ-ምሃር ፡ ሳሕል፡ ደንከል ተባሂሉ ፤ ምዕራባዊ ቈላታት ሰንሒትን፡ ባርካን ይጥቀስ። ስፍሓት ናይ ቈላታት ሰለስተ ርብዒ ካብ ምሉእ ስፍሓት ኤርትራ ክኸውን ከሎ፡ ከበሳ ሓደ ርብዒ ኣቢሉ ይኸውን። ጀኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ናይ ኤርትራ ዓቢ እስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ስለ ዘለዎ፡ ባዕዳውያን መግዛእቲ ብናይ ስሰዐ ዓይኒ ክምዝጥምትዎ ኣብ ዓለም ብሩህ እዩ።

## ለ. ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶ።

ኤርትራ ብባህርያዊ ሃብቲ ናይ መሬትን፡ ዘራእትን፡ማዕድና-ትን፡ እንስሳታትን.... ወዘተ፡ ርእሳ ዝኻኣለት ሃገር እያ እንኾነት መብዛሕትኡ ህዝባ ኣብ ምዕባለ ዝርከብ፡ ካብ ሕርሻን መጓሰ ከብትን ዝነብር ህዝቢ እዩ። ኩሉ ሃብቲ ሃገርና ብባዕዳውያን ተመዝሚዙ ስለ ዝኸይድ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኤኮኖሚያዊ ምዕ-ባለ ናይ ሃገሩ ተሓሪሙ ኣብ ድኽነት ይነብር ኣሎ። እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝቢ ዝተማሓየሸ ሕብረተ-ሰብ ናይ ማሕረስ መናባብሮ ክህልዎ እንከሎ፡ እቶም ኣብ ገምገም ባሕርን ቈላ-ታትን ኤርትራ ዝነብሩ ዜጋታት ድማ ሰብኻሳማም ኰይኖም ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተጓዕዙ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም። መሰረት ናይ ሕብረተ ሰባዊ ጥዕና ኤኮኖሚ ክምምኹኑ መጠን ባዕዳውያን መግዛእቲ ነቲ ካብ ኤርትራ ዝምዝምዝዎ ሃብቲ ክይተርፎም ብምባል፡ ንህዝብና ብ-ናይ ሃይማኖታቶምን፡ዓሌታውን፡ ወገናውን ፍልልይ እናተጠቐሙ ክፋ-ፊሉም ክምዘለግጽሉን፡ የለግጹሉ ከመዘለዉን ታሪኽ ባዕሉ ዓቢ ምስክር እዩ።

## ሐ. ብዝሒ ህዝቢ።

እቲ ካብ ሰለስተ ሚልዮን ንላዕሊ ዝኸውን ህዝቢ ኤርትራ ብዝሑ ምስቲ ስፍሓት መሬቱ ዝተዛነቐ ኣይኰነን። እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝቢ ከምቲ ጸቢብ ስፍሓት መሬቱ ዘይኰነ ብዝሑ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ይኸውን እዩ። መብዛሕትኡ ካብቲ ሰፊሕ ቈላታት ምዕራብን ገምገምን ጸሙእ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ኣብኡ ዝቕመጡ ህዝቢ ውሑዳት ኢዮም። ህዝቢ ኤር-ትራ ንምፍቃድ ዝተገብረ ሓድሽ ጸብጻብ'ኳ እንተዘየለ ከምቲ ብ1957 ዓ.ም.ፈ ዝተገብረ ጸብጻብ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ

ብብኣውራጃኡ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሓማሴን | 24.7 ካብ ሚእቲ ። | ሰንሒት | 8.3 ካብ ሚእቲ ። |
| ሰራየ | 15.7 ካብ ሚእቲ ። | ሳሕል | 7.9 ካብ ሚእቲ ። |
| ኣከለ-ጉዛይ | 15.3 ካብ ሚእቲ ። | ደንከል | 5.4 ካብ ሚእቲ ። |
| ባርካ | 17.5 ካብ ሚእቲ ። | ሰምሃር | 5.2 ካብ ሚእቲ ። |

## መ. ፖለቲካዊ ምዕባለ ።

ኣብ ፖለቲካዊ ምዕባለ ሃገርና ኣድቂቕ ኣቢልና እንተተዓዘብና ገዕዲውያን ግዛእቲ ምስ ኣራኹርም ናይ ረብሓኦም ግስጋሴ ሰለል እናበሎም ንኽክዩድ ዓዕርምን ድኽምምን ስለ ዝነበረ ናይ ዕላማኦም ሸቶ ንምርካብ ሃይማኖት ቀንዲ መሳርሒ ኮይኑ ረኺብዎ ። ባዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ከም ካልኦት ህዝቢ ዓለም ኣማኢታት ዓመት ዝገበረ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ እኹል ገዕዲዊ ሜኩና፡ ካብ ዝጀመረሉ -ካብ 1940 ንድሓር- ኣብ ክልተ ናይ ፖለቲካ ዕርድታት ተገፋፊሉ ። መብዛሕትኦም ክርስትያን "ኣንድነት" ምስ ኢትዮጵያ ክብሉ እንከለዉ ፡ መብዛሕትኦም ኣስላም ድማ "ኣንድነት" ምስ ሱዳን ብምባል ፡ ኣዳዲ ፍርዲ ሕቡራት መንግስታት ኮይኑ ፡ ኣብ ዓዘቕቲ ወዲቑ ይሳቐ ክምዚሉ ታሪኽ ፖለቲካዊ ምዕባለና ብሩህ መረዳእታ እዩ ።

## ሠ. ቋንቋ ።

ኣብ ኤርትራ ካብ ትሽዓተ ዝበዝሑ ቋንቋታት'ኳ እንተሎ እተን ዝበዝሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝዛረበለን ቋንቋታት ትግርኛን ትግረን እየን ። እዘን ቋንቋታት እዚኣተን ካብ ግእዝ ዝተወርሳ ሰማውያን ቋንቋታት እየን ። ካልኦት ካብ ግእዝ ዘይተወርሳ ቋንቋታት ፡ ቢለን፡ ቢጃ ፡ ባዛ ፡ ባርያ ፡ ሳሆ ፡ ደንከል እየን ። ናይዘን ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ቋንቋታት ዝርዝር'ኳ ክምዚ ዝስዕብ እንተኾነ ፡ ብሓፈሻ ንዛረርባ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ እዩ ። እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝብና መብዛሕትኡ ቋንቋኡ ትግርኛ ክኸውን እንከሎ፡ መብዛሕትኡ ኣብ ገምገም ባሕርን ቈላን ዝርከብ ህዝብና ቋንቋ ትግረ እዩ ዝዛረብ ።

ትግርኛ ፤_እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት፡ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ዝርከቡ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ክርስትና ዝኣመኑ ክኾኑ እንከለዉ ፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ከም ጀበርቲ ደቂ ከበሳ'ውን ኣለዉ ። ትግርኛ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ትግራይ እትብሃል ሰሜናዊት ኣውራጃ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ህዝቢ እውን ይዛረብዋ እዮም ።

ሳሆ ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ሰሜናዊ ሰምሃር ዝርከቡ ሳሆ ዝባሃሉ ዓሌታት ክኾኑ እንከለዉ ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ'ኳ እንተኾኑ ፡ በዚ ቋንቋ'ዚ ዝዛረቡ ውሑዳት ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ዓሌታት እውን ኣለዉ ። እዛ ቋንቋ እዚኣ ከም ካልኦት ቋንቋታት ኣብ ኤርትራ ጥራይ ከይተሓጽረ ፡ ኣብ ሰሜናዊ ዶብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ዓሌታት እውን ይዛረቡላ እዮም ።

ትግረ ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ኣብ ምብራቓዊ ሰሜን ገማግም ምዕራባዊ ቆላን ዝርከቡ እዮም ። ዝበዝሑ ብብዝሖም ቋንቋ ትግረ ዝዛረቡ ደቀባት ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ'ኳ እንተኾኑ ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ከም መንሳዕ ኣብ ምብራቓዊ ሰንሒት ዝርከቡ ደቀባት ይውለድዋ እዮም ። ቋንቋ ትግረ ኣብ ምብራቓዊ ሱዳን ዝርከቡ ብዙሓት ሱዳናውያን እውን ይዛረብዋ እ-ዮም ።

ዓፋርኛ ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ኣብ ምብራቓዊ ኤርትራ ዝርከቡ ናይ ኣውራጃ ደንካል ተቓማጦ ክኾኑ ፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ኣዝዩ እዮም ። መብዛሕትኦም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝዛረቡ ዓሌታት ፡ እቲ ምስ ኣውራጃ ደንካል ዝዳወብ ወገን ኢትዮጵያን ኣብ ጅቡቲ ዝርከቡ ሓደ-ሓደ ዓሌታት እዮም ።

ቢለን ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ፡ እቶም ቦጎስ ዝባሃሉ ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት ዝርከቡ ዓሌታት ክኾኑ እንከለዉ ፡ ፍርቆም ኣብ ምስልምና ፡ ፍርቆም ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ዜ-ጋታት እዮም ። መሰረት ናይዚ ቋንቋ'ዚ ካብ ኣገው ስለ ዝኾነ ፡ ነዚ ቋንቋ'ዚ ዝመሳሰል ዝዛረቡ ኣገው ዝበሃሉ ዓሌት እውን ኣብ ኢት-ዮጵያ ይርከቡ እዮም ።

ቢጃ ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ ዝውለድዋ ደቀባት እቶም ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ፡ ምዕራባዊ ቆላን ዝርከቡ ቢጃ ዝባሃሉ ውሑዳት ዓሌታት ክኾኑ እንከለዉ ፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ዓሌት እዮም ። መብዛሕትኦም ነዚ ቋንቋ'ዚ ዝዛረቡ ዓሌት ኣብ ምብራቓዊ ሱዳን ዝርከቡ ሱዳናውያን እዮም ።

ባዛ ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት እቶም ባዜን ዝባሃሉ ዓሌት ክኾኑ እንከለዉ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ /ኣብ መንጎ ጋሽን ሰቲትን/ ይርከቡ ። ውሑዳት ኣብ ክርስትናን ምስልምናን ዝኣምኑ'ኳ እንተለዉ ዝበዝሑ ሃይማኖት ዘይብሎም እዮም ።

ባርያ ፤ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት እቶም ባርያ ዝበሃሉ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ኣብ ሰሜናዊ ጋሽ ዝርከቡ ከም

ገዜን ውሑዳት ፡ ኣብ ክርስትናን ምስልምናን ዝኣምኑ'ኳ እንተለዉዎም ዝበዝሑ ናይ ዝኾነ ይኹን ሃይማኖት እምነት ዘይብሎም እዮም።

ብዘይካ እዘን ዝጠቐስናየን ቋንቋታትን ዝዛረባለን ዓሌታትን ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ኣብ ገምገም ጎሓል ዝርከቡ ዓረብኛ ዝዛረቡ ዘይተዳቐሉ «ራሻይዳ» ዝባሃሉ ዓሌታት ኣለዉ ። ኣብ ኤርትራ ብሓፈሻ ከም ምብዛሕ ናይ ቋንቋታትን ሓረግን ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ህዝቢ ከምምዃኑ መጠን ኣበየ ቦታታትን ኣብ ብዙሕ ኣውራጃታትን ብዙሓት ዓሌታት ካብ ሓደ-ሓደ ዝበዝሑ ቋንቋታት እናዘውተሩ ክራደኡን ክሳማምዑን ዝኽእሉ ህዝቢ እዮም ። ካብዘን ዝጠቀስናየን ኤርትራውያን ቋንቋታት ፡ እተን ናይ ገዛእ ርእሰን ጽሑፍ ዘለወን ቋንቋታት ትግርኛን ትግረን እየን። እዘን ቋንቋታት እዚኣተን ካብ ግእዝ ዝተወርሳ ስለ ዝኾና ፊደላተን'ውን ግዕዝ እዩ። ቋንቋ ግዕዝ ቅድሚ ኣማኢታት ዓመታት ዝዛረብን ዝጽሕፍን ዝነበረ ቋንቋ እዩ ። ግዕዝ ንትግርኛን ትግረን ሓዊጉ ወይ ገዲፉ ቀንዲ መስረት ቤተ ክርስትያናትን ቅዱስ መጻሕፍትን ኮይኑ ስለ ዝተረፈ በሰሉ እዩ ። እዚ ማለት ኣድባራትን ቤተ ክርስትያናትን ድኣ እየን ዝጥቀማሉ እምበር ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኡ ዘዘውትሮን ዝጥቀመሉንሲ የለን ። ከም ሃይማኖታዊ ቋንቋታት ጥራይ ዘይኮነ ከም ታሪኻዊ ቋንቋ ፡ ሚዛን ዘለዎ ቋንቋ እዩ ። ናይ ቋንቋታት ሽግር ንምፍታሕ ሕቡራት መንግሥታት ሓላፍነት ወሲዱ ፡ ኩሉ ውሳኔታት ኣብ ሃይማኖት ፍልልይ የመርኩስ ስለ ዝነበረ ፡ ነቶም ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ብትግርኛ ንምጥማር ፡ ነቶም ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ድማ ብዓረብኛ ንምጥማር ፣ ወግዓውያን ቋንቋታት ክኾና ስለ ዝደንገገ ፡ መሰረት ናይ ኤርትራ ወግዓውያን ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ኮና ።

## ረ. ባህልን ልምድን ።

ኣብ ባህልን ልምድን እንተዳኣ መጺእና እውን ህዝቢ ኤርትራ ብብዓሌቱን ብብኣውራጃኡን ብብቋንቋኡን ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን'ኳ እንተለዎ ፡ ሓፈሻዊ ፍልልይ ባህልን ልምድን ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ምስቲ ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶኡ ፡ ፖለቲካዊ ምዕባለን ፡ ታሪኽን ፡ ጀኦግራፊካዊ ኣከፋፍላን ናይ ሃይማኖት እምነትን ዝተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ ፡ እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝቢ ዝተቐራረበ ባህልን ልምድን ክህልዎ እንከሎ እቲ ኣብ ቆላታት ዝርከብ ህዝቢ እውን ነናቱ ባህልን ልምድን'ኳ ሓደ እንተዘይኮነ ብሃይማኖት ዝተጠምረ ወይ ዝተቐራረበ ባህልን ልምድን ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ህዝብታት ናይ ካልኦት ሃገራት ፡ በዚ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ኣሰራርዓ ብዙሕ ናይ ሕብረተሰብ ፍልልይ እኳ እንተሎ ፡ ናይ ሓድሕድ ዝምድና ታሪኹን ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶን


ፖለቲካዊ ምዕባለን፡ ቋንቋን፡ ባህልን፡ ልምድን ካብ ነዊሕ ዓመታት ትሕቲ ባዕዳዊ ምግዛእ ዝተሰቓቐሓን፡ ዝተዳቐሰን፡ ዝተጣመረን መሰረት ስለ ዘለዎ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ፈጺሙ ክፋላለን ክመቓቐላን ዘኽእል ሕብረ-ተ-ሰብ ኣይኮነን።

እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝቢ፡ ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝር-ከቡ ክርስትያን ሃይማኖታዊ ዝምድና ይህልዎ ይኽውን፡ ከምኡ እውን ምስ ክም ትግራይ ዝኣመሰለ፡ ምስ ኤርትራ ዝዳወብ ኣውራጃታት ብቋንቋ /ትግርኛ/ ብሓደ-ሓደ ናይ ባህልን ልምድን ጠባያትን ይቀራ-ረብ ይኽውን። ከምቲ ኣብ ታሪኽ ዝዝንቶ እውን ምስቲ ብሉይ ናይ ኣኽሱም ንግስነት ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ይህልዎ።

ከምኡ'ውን እቲ ምስ ሃገር ሱዳን ዝዳወብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሃይማኖትን፡ ብቋንቋን፡ ብሓደ-ሓደ ናይ ባህልን ልምድን ጠባያት፡ ከምኡ'ውን ብብሉይ ታሪኽ፡ ምስቲ ኣብ ምብራቕ ዝርከቡ ዓሌታት ሃገር ሱዳን ይዛመዱን ይቀራረቡን ይኽውን።

እቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ'ውን፡ ብባሕሪ ንዝመጽእ ባህልን ልምድን ቀረባ ስለዝኾነ፡ ካብ ኣብ ካልእ ቦታታት ኤርትራ ዝርከብ ዓሌታት ኤርትራ፡ ምስ ሰገር ባሕሪ ዝርከቡ ሃገራት ኣዕራብ ዝበለጸ ፍልጠት ይህልዎ ይኽውን።

ኣብ ኣፍሪቃዊት ኤርትራ ዘሎኹና ኖራይ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ብሓፈሻ፡ ናይ ኣብ ደቡብ ዝርከቡ ህዝብታት ዝምድናን ምቅርራብን ባዕብቲ ናይቲ ሃገር ውሽጣዊ ዝምድናን ምቅርራብን፡ ዝሰፍሐን ዝበርት-ዔን ስለ ዝኾነውን ግን እቲ ኣብ ደቡብ ዝርከብ ተመሳሳሊ ጠባያት ናይ ተዳወብቲ ሃገራት፡ ንሓንቲ ሃገር ሸራሪፍካ ምምቃል ዝበቅዕ ኣብነት ኣይኮነን። ኤርትራ ሃገርና ድማ ከምኡ ሓንቲ ኤርትራ ኮይና ኢያ እትን-ብር እምበር፡ ምስ ኢትዮጵያ ወይ ምስ ሱዳን ተሸራሪፋ እትምቀል ሃገር ኣይኮነትን። እቲ ኣብ ጥቓ ሱዳን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ሱዳን ብምሉኡ እንተኣጠማመትናዮ ኣዝዩ ዝተረሓሓቐ ህዝቢ እዩ። ከምኡ እውን እቲ ኣብ ጥቓ ዶብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብምሉኡ እንተ ኣጠማመትናዮ ኣዝዩ ዝተረሓሓቐ ህዝቢ እዩ። ከምቲ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ዘሎ ጂኦግራፊካዊ፡ ኤኮኖሚያዊውን፡ ሃይ-ማኖታውን፡ ቋንቋውን፡ ዓሌታውን ፍልልይ፡ ኣብ ኢትዮጵያን፡ ሱዳንን'ውን ኣሎ። ብዝያዳ ኣብኡ'ኳ ድኣ እንተዘይበዘሐ እንተዘይገደደ። ብሉይ ታሪኽ እንተድኣ ዘኪርና ምስ'ዚ ዘሎናዮ ክፍለ ዘመን ፈጺሙ ኣይሳነብን እዩ። ንዓኡ ብምሉኡ በቲ ዝሓለፉ ናይ ኣማኢታት ዓ-መታት ታሪኽን ቅድን ተመሊስና፡ ብሓድሽ ጂኦግራፊካዊ ሕንጻጽ ሃገራት እንተንከፋፍሎ፡ ካብ ሓደስቲ ሃገራት ዝቐመጥ ሓድሽ ዓለም ምፍጣርና



ተጋዳላይ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ንናእሽቱ፡ ቆልዑ፡ ናይ፡ ጀኬቲን
ትምህርቲ፡ ክህብ፡ ከሎ።

ነርና። ብሕልፊ ኣብ ኣፍሪቃ ብብሉፅ ታሪኽ ኣዚና ክፍርጣቕና ናይ
ውሑዳት ኣማኢታት ዓመታት ታሪኽ ኣዛመድና ሃገራት ክንቕውም እንተ-
ንፍተን ኣብ ኣሽሓት ዓሌታትን ጉጅለታትን ዝተበተፈሓት ክፍሊ ዓለም ኩ
ይና ምረኽብናያ። ብሓደ ቃል ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕብረተ ሰብ ፍልልይ፡
ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘሎ ልምድን ኑርን ባህሪ ስለ ዝኾነ ዘሓፍርን
ጎሓድነት ሓንቲ ኤርትራ ዘሰግእን ኣይኮነን። እቲ ኣውራ ክነብርሆ
ዝፈተኹና፡ ሃይማኖት መጎርሒ ሞኹናን በለጽን ድኻ ኣምበር፡ ሃይማኖት
ንበይኑ ጥራይ መንቀሊ ተጋድሎ ንሓርነት ሃገር ክምዘይኮነ ንምርዳእ
እዩ። ማለት ኩሉ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ፡ ሃይማኖት ሕብረተ-
ሰባዊ ፍልልይ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታዊ እዩ ንምባል ይከኣል
ድዩ? ናይ ብሓቂ እንተደኣ ተገንዚብናዮ፡ ሃይማኖት ሓደ ካብቲ
ካብ ዓሰርተ ዝበዝሐ ናይ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ጠባያት ድኣ እዩ።
እምበር፡ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ዝረኸብ ፍልልይ ወይ ሞኹኑና ወይ ናይ ተ
ጋድሎ ንቕሎ፡ ሃይማኖታዊ እዩ ኢልካ ምዝራብ፡ ዕዉር ፍርዲ እዩ።
እቲ ብብዝሒ ጠባያት ኣብ ዋልተ ክስራዕ ዝኽእል ኤርትራዊ ሕብረተ-
ሰብ፡ ነናቱ ክልተ ሃይማኖት ስለ ዘለዎ ግን እቲ ዘሎ ፍልልይ ናይ
ኣስላምን ክርስትያንን ጥራይ እዩ ዝመስል። እዚ ናይ ሃይማኖት ነገር
ኣውራ ደሚቑ ዝርኣናዮ ድማ፡ ብዕዱዋያን ጠኹነቲ፡ ተበለጽቲ ደቂ ሃገርና
ንምኽንቲ ብሕታዊ ረብሓኦም ዘጋንንዎ ክምዝኾኑ ክንርድኦን ክንግ
ንዘቦን ይግባኣ።

ቀንዲ ዕላማና ናይዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ትንታኔና፡ መ
ሰረት ናይ ኤርትራ ሕብረተሰባዊ ፍልልይ ሃይማኖት ከምዘይኮነን፡ ሓድነት
ሓንቲ ኤርትራ ንምብራህን ንምርዳእን እዩ። ነዚ ዘርዚርናዮ ዘሎና ሓቂ
ኣሉ ዝብል ወዲ ሃገር ወይ ወጻኢተኛ ግን፡ ዘይፈልጥ ወይ በዲሉ ወይ
መሰፋሕፍሒ እዩ። ናብ ቀንዲ ኣርእስትና ክንምለስ፡ እዚ ካብ ኩሉ
ድኻ ናይዚም ሕጂ እንዛረብ ዘሎና ተጋደልቲ መፍለዪ ዋና ምኽንያት እ
ንታይ ኮን ይኸውን? መሰረት ምኽንያት መፍለዪና ድማ፡ ካብ ምም
ስራት ጀብሃ ወይ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ዝጀመረ ነዊሕ ታሪኽ
ስለ ዝኾነ፡ ካብ 1961 ዓ.ም.ፈ. ጀሚርና ኣሕጽር ኣሕጽር ኣቢ
ልና ክንገልጾ ኢና።

ሀ/ ኣብ ገድላዊ መተካኻት ዝተመስረተ፡ ፍሉጥ ገለቲ
ካዊ ሕንጻጽ ዘይብሉ ተጋድሎ ኣብ ዓወት ክምዘይበጽሕ ተጋዲሉ
ዓለም ኣመስኪርዎ እዩ። ብዘይፍሉጥ መስመር ጠበንጃ ሒዝካ
ምኹብላልን ምትሓዝን ናይ ክንቱ ድኻም ክም ዝኾነ'ውን
ኤርትራዊ ተመክሮ ዓቢ መምህር እዩ።

ተጋድሎ ዝዕጥቂ ብረት ኣብ 1961 ዓ.ም.ፈ ብዘይ

ፍሉጥ ፖለቲካዊ ሕንጻጽ ብጕነጽ ዝተጀመረ ተጋድሎ ከም ዝኸውን ብዙሓት ኤርትራውያን ተዛሪበሙሉ እዮም። እቶም ብ61 ንጀብሃ ዝጀመሩ ወይ ዝመስረቱ ኤርትራውያን ናይ ሃገሮም ኤርትራን፡ ናይ ሕብረሰቦምን ኩነታት ዝኻኽል መጽናዕቲ ከይገበሩ ብዘይገድላዊ ሕንጻጻትን መተካኣትን፡ ብዘይፍሉጥ መደባትን ስራሕን፡ ፖለቲካዊ መልሕ ዘይብሉ ናይ ተጋድሎ ነጋሪት ሃሪሙ።

ለ/ ስብከት ምስልምና።

ብቑዕ ገድላዊ ሕንጻጻትን መተካኣትን ዘይምንባሩ፡ ብቑዕ ገድላዊ መሪሕነት ካብ ምህላን ምኻኑ ማንም ኣይከሓቶን እዩ። እቶም ነዚ ተጋድሎ'ዚ ዝጀመሩ መራሕቲ ንተጋደልቶም ሃገራዊ፡ ትርጉም ምሃብ ጽዩፍ ኮይኑ ስለ ዝተሰመዮም፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ሃገራት ዓረብን ናይ ምስልምና ስብከት ኣማዕቢልካ ሓይሊ ንምፍጣር ዝሓይሽ መንገዲ ኮይኑ ስለ ዝተራእዮም መደባት ስራሖም ኣብ ውሽጥን፡ ኣብ ወጻእን ክፋፈሎም ብስብከት ምስልምና ጠመሩዋ።

እቶም ዓበይቲ ወይ ራእሳታት ጀብሃ ዝለዓሉ ስልጣን ኮይኖም ናይ ወጻኢ ሓላፍነት ተሸኪሞም ናብተን ብትካል ምስልምና ዝምርሓ ሃገራት ድርጅታትን እናኸዱ "ንሕና ኣስላም ኣሕዋትኩም" እቲ ሃይለ ስላሴ ዝበሃል ናይ ሓበሻ ንጉስ ክርስትያን፡ ነቲ 80% (ካብ ሚእቲ) ዝበዝሕ ህዝብና፡ ህዝቢ ኣስላም ኤርትራ ይጭኩኖም ስለ ዘሎ፡ ነዚ ናይ ክርስትና ምስፍሕፋሕ ክንቃወሞ፡ ናታትኩም ናይ ኣስላም ኣሕዋትና ሓገዝ የድልየና እዩ፡ ብምባል፡ ድንጋጽን ሓገዝን ምስልምና ሓተቱ። ብስብከት ምስልምና ዝወጸ ሓገዝ ሓንጐፋይ ኢሎም ብምቕባሎም ድማ ንሰለፎም ኣስደማሚ መልክዕ ሃቡዎ።

እቶም ጠበናጁ ተሸኪሞም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተኸውሉ ዝነበሩ ሰዓብቶም ድማ፡ ከምኡ ነቲ ገርሂ ዝነበረ ህዝቢ፡ እቲ ቀደም መጺኡ ዝነበረ የውሃንስ ዝበሃል፡ ምስልምና ዘጥፍእ፡ ክርስትና ዘስፋሕፍሕ ንጉስ ሓበሻ ትፈትውዎ'ዶ? ...... እዚ ሕጂ ነጊሱ ዘሎ ሃይለስላሴ ወዲ-ወዱ ንየውሃንስ እዩ። ከምቲ ኣባሓጉኡ ዝገበሮ፡ ሃይማኖትኩም፡ ሃይማኖት ምስልምና ንምጥፋእ ዝተላዕለ "ካፍር" እዩ። ንሕና ድማ ንዑኡ ንምቅዋም ዝተሰዓልና "ጀሃድውያን" ናይ ምስልምና ልኡኻት ኢና። ግድልና ድማ "ጀሃድ ፊ ሰቢል ኣላህ (ቅዱስ ኲናት)" እዩ፥ እናበሉ ብዘይዕረፊ ካብ ሃገራዊ መስመር ዝረሓቐ ስብከት መሪዞም፡ ንህዝብና ሃገር ከይፈልዩ፡ ክርስታናይ ንዝኾነ ኩሉ ከም ዝጸልኦ ገበርዎ። ኤርትራዊ ክርስታናይ ከይተረፈ እውን "ካፍር" ኣረመን ወይ ኩሓዲ እናተባህለ ክምደኣኒ ተፈሪዱ። እሞ ክህበሰለ ዝኣንፈለ ህዝብና ኣስላም እቲ ዝነበሮ ሰኒኩና. ሃይማኖታዊ ሰኒኩና

ጥራይ መሪሕዎ ደድሕሪ መራሕቲ "ጂሃድ ፊ ሲበል ኣላህ" ክብል
ተላዕለ። እቲ ብዛዕባ ስብከት ጂሃዳውያን ዘይፈልጥ ዝነበረ ህዝቢ ብ
ሓፈሻ፡ ከምቲ ቅድሚ ፈደረሽን ዝነበረ ፍልልይ ኩይኑ፡ እቲ ብባዕዲው
ያን ዝግበር ዝነበረ ለገጫ ተረፊኽዎ ስለ ዝነበረ በብዘለዎ ወዲ ዓወተ
ዝብሉ ደሃይ ክሰምዕ እንክሎ፡ ብንጹህ ሃገራዊ መንፈስ ወግሑ-ጸብሒ
ናብቲ 1961 ዓ.ም.ፈ ዝተወቕዐ ነጋሪት የቓልብ ነበረ። ነዚ ሃገራዊ
ስምዒት እሕደሩ ናብቲ ናይ ዕጥቂ ብረት ተጋድሎ ሃረር ዘብሎ ዝነበረ
ምኽንያት ድማ ተመኩሮ ናይቲ ካብ 1950 - 1961 ዝተገብረ ፖለቲካዊ
ምንቅስቓስ እዩ። እዚ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ'ዚ ፈጺሙ ካብ ሃይ
ማኖታዊ ፍልልይ ዝረሓቐ፡ ኣስላማይ ክርስታናይ፡ ወዲ ከበሳን ወዲ ቈ
ላን ተሓቛቚፎም ዝገብርዎ ዝነበሩ ናይ ሓባር ተጋድሎ ስለ ዝ
ነበረ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብሲልዎን፡ ኣስሚርዎን ከምዝነበረ ዝዝከር
እዩ። ምስ እዚ ሃረርታ'ዚ ኩሉ ኤርትራዊ ናብዚ ተጋድሎ'ዚ ክሳተፍ
ተዓጥቀ። ብሕልናን፡ ብግብርን፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ኤርትራ፡ ኤርትራውያን
ንተጋድሎ በዓል ዓወት ይገብሮም'ኳ ይረኽቡ እንተነበሩ፡ እቲ ኣብ ባርካ
ብዓል ዓወተ ዝነበርዎ፡ ዝተሰለፈ መብዛሕትኡ ወይ ዳርጋ ኩሉ ኣስላም
እዩ ዝነበረ። ህዝቢ ከበሳ ዘይተሳተፈሉ ምኽንያት፡ ጂኦግራፊካዊ ጥራይ
ድኣ እዩ ክበሃል ዝኽእል እምበር፡ "ህዝቢ ከበሳ ብኽስታም ዝተጀ
መረ ገድሊ ኮይኑ እዩ ዘይተሳተፈሉ" ዝበሃል ርእይቶ ስ ካብ ሓቂ ዝዘ-
ንበለ ኣዘራርባ እዩ። እዚ ተኻፊልነት'ዚ ማለት ናይ ዕጥቂ ብረት ተጋ-
ድሎ፡ ሚዛን ክይቀየረ እናተሰነን እናበርተዐን ክሳብ 1965 ዓ.ም.ፈ
ቀጸለ። እቲ ኣብ ውሽጢ "ጀብሃ" ዝግበር ዝነበረ ናይ ምስልምና
ስብከት ግን ኣየቋረጸን።

ሐ/ ዓሌታዊ ፍልልይ።

እቶም ኣብ ሜዳ ተሰሊፎም ዝነበሩ ሰባት መብዛሕትኦም ኣስ
ላም ብምንባሮም'ሲ ተጦርኒፎም ሓዘይ ፍልልይ ብስብከት ምስልምና
ጸኒዖም ይከዱ ነይሮም'ዶ? ኪልና ምስ እንሓትት ምናልባት ዘደንቕ
መልሲ ምረኸብና። ኣብ ዝኾነ ደኾን እኩብ ህዝቢ ናይ ሕብረተ-
ሰብ፡ ናይ ሓደ ወይ ውሑዳት ሰባት በለጽ ምስ ናይ ብዙሓት ድ-
ልየት ስለዘየሳኒ እቶም ዝተሰለፉ ኤርትራውያን ድማ ንቕሎኦም እሩ
ም ዝኾነ ሃገራዊ መስመር ዘይነበሮ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ እብዚዝሑ
ብዝኽዱ መጠን፡ "ኣነ ክርኤ፡ ኣነ ክርኤ" ብምባል ተፋላልዮም፡ እቲ
ኣብ ትሕቲኦም ዝነበረ ሓይሊ ናይ ድልየቶም መኻርሒ ንምግባር ክጣላ-
ሓቱ ጀመሩ። እቲ ንድልየቶም ዘርከኸ ጥበብ ዓሌታዊ ፍልልይ
ምኻኑ ተገንዚቦም፡ ነቲ ዝነበረ ሓይሊ፡ ብዓሌታውን፡ ወገናውን
ስብከት ክፋፈሎም ብርቱዕ ምስሕሓብ ፈጠሩ። እቶም ኣብ ወጻኢ

ዝነበሩ ሰነስታት፡ ናይ ብሓቂ ድልየቶም ካብሂዲ ዘይገልጽ ጉርሒ
ኣንተነበሮም ነቲ ኣብ ውሽጢ ዝነበረ ምስሕሓብ ፍታሕ ዝፈጠሩሉ
ንኽመስሉ፡ ኣብ መወዳእታ 1965 ዓ.ም.ፈ. ነቲ ዝነበረ ሓይሊ
ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ንምምቃዩ ካብ ቤት መንግስቶም ንሜዳ ኣኸ-
ተውዎ። ነቲ ዝነበረ ሓይሊ ኣብ ኣርባዕተ መቓቒሎም። ነዚ
ክፍልታት'ዚ ክመቓቕሎም ዝነበሮም ቀንዲ ዕላማ፡ ናይ ዓሌታት
ምስሕሓብ ንዝፈጠሩ ኣንደራሴታት ካህዲኦም ናይ ገዛእ ርእሶም
ሓይሊ ወይ ናይ ነፍስ ወከፍ ሰዓቢ ንምፍጣር እዩ። ንሳቶም ብዓ
ኣፎም ክምዝብልዎ ግን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ቦታ ምስራሕ፡
ሓይልታትካ ዘርጊሕካ፡ ናይ ዕዮ ምስፍሕፋሕ እዩ። ኣስፋሕፊሕካ
ንህዝቢ ምርዳእን ምስላፍን ጽቡቕ እዩ። እቲ ምስፍሕፋሕ ግን
ብስሩዕ መደብ፡ ዓሚቕ መጽናዕቲ ናይ ኤርትራዊ ሕብረተ ሰብ ገቢ-
ርካ፡ ክምኡ'ውን ፍሉይ ፖለቲካዊን ወታሃደራዊን ኣስትራተጂ
ሓንጺጽካ ኣብ ምቕናዕ ግዜን ክነታትን በብሓደ ኣናሰጎምካ ዝግ-
በር ደኣ እምበር ኣዝዩ ውሑድ ንዝኾነ ሓይልታት ኣብ ኣርባ-
ዕተ ክፍልታት መቓቒልካ፡ ንዓኻ ባርካ፡ ንዓኻ ሰንሒት፡ ንዓኻ
ሓማሴን፡ ሰራየን፡ ኣከለጉዛይን፡ ንዓኻ ሰምሃርን ደንከልን፡ ኢልካ
ዝግበር ካብ ኣረሳ ኣንጀራ ዝግበር ኣይኮነን። ብሓጺሩ እቲ ብ
1965 ዓ.ም.ፈ. ዝተገብረ ናይ ሓይልታት ምምቕቓል ንብሕ-
ታዊ ረብሓ ናይ ሓደ ክልተ ሰባት ዝተገብረ ጸረ ህዝባዊ ቅዲ
ኮናት ዝኾነ መደብ ክምዝነበረ ንርዳእ።

መ/ ብሓፈሻ ኣዛራርባ፡ ህዝቢ ከበሳ ወይ ህዝቢ ክርስትያን፡ ብ
ቀዳድ ማዕረ ኣቶም ኣስላምነ'ቲ ኣንተዘይ በዝሒ ተሳታፍነቱ ኣብዚ
ዕጡቕ ተጋድሎ እናበርከተ ከዱ፡ በቲ ዝነበሮ ቀዳድ ኣውን ኣብቶን
ዝነበሩ ክፍልታት ፋሕ ኢሉ ይሰርሕ ነበረ። ከም ሓደ ጉዚ ኤርትራዊ
ሕብረተ ሰብ፡ ብተራኡ ኣብ "ጀብሃ" ክርዳእ ብዝጀመረ ድማ ሓደ ርእይቶ
ኣብ ርእሱ ተሰርጸ። እተን ኣርባዕተ ክፍልታት ብዓሌታዊ መትከላት
ተመቂለን፡ ንህዝቢ ወዲ ዓሌት እዩ ዝሰልሉ፡ ብዝብል ዘንባል እምነት
ተሃኒጸን ስለዝነበራ፡ መራሒ ክፍሊ ባርካ፡ ወዲ ባርካ ኰይኑ ምስ ደቂ
ባርካ ኣብ ባርካ፡ መራሒ ሰንሒትን ሳሕልን ወዲ ሰንሒት ኰይኑ ምስ
ደቂ ሰንሒትን ሳሕልን፡ ኣብ ሰንሒትን ሳሕልን፡ መራሒ.... ወዘተ
ብምባሉ፡ ኣሞ ደቂ ከበሳ ዝኾኑ ክርስትያን ድማ ንምንታይ ደኣ
ንዓና፡ ኣብ ክንዲ ብገዛእ ርእስና ኣንሓድር፡ ሓማሴን ሰራየን ኣከለ
ጉዛይን ኣብ ትሕቲ መራሕነት ኣስላማይ /ሻሃይ/ ንሮምናን? ብዝብል
ክዕዘዝ ዝብሉ ጀመሩ። ሰኣስታት ጀብሃ ንዝኾኑ ደኹን ኾግር
ክፍትሖ ክለዉ፡ መጀመርያ ጥቕሚ ርእሶም ስለዝረኣዩዎ፡ እቲ ነገር

ምስ ብሕታዊ ረብሓኦም ተሰማሚዑ ዝኸይድ እንተኸይዱ ፡ ዘምጽኦ ሳዕቤን ግዲ ስለዘይገበሩሉ፡ ሰዓኖም ዝመስል መራሒ ምስ ረኸቡ ፡ን ሽግር ናይ ኤርትራውያን ንምፍታሕ ፡ ንክርስትያን ክፍሊ ሂብና ክርስትያናይ ሓለቓ እንተዂበርናሎም ክዝሕሉ እዮም ብዝብል ቋንቋን ትንታነን ካብተን ኣርባዕተ ክፍልታት ኣብ መወዳእታ ወተሃደር ኣውጺኦም ፡ ካብ ሰለስቲ ክፍሊ ኣውራጃ ሓማሰን ፈጢሮም ፡ ሓደ ሰዓቢኦም ዝኾነ ክርስትያናዊ ሓለቓ ብምሻም ፡ ሓሙሽተ ክፍሊ ኣብ ናይ 1966 ዓ.ም ፈ. ኣቑሙ ። ነቲ ቀደም ዓመት ዝገበርዎ ጉጉ ተመሊሶም ክንዲ ዝኣርምዎ ኣብ ርእሲ ጉጉ፡ጉጉ ወሰኹ ።

ሠ/ ሃይማኖታዊ ቅልውላው ።

ኣብ ርእሲ ኣርባዕተ ክፍልታት ሓሙሻይ ክፍሊ ምውሳኽ ዓሌታዊ ፍልልይ ተማሃሩ ፡ መለኸ ስለዝኾኑ ነቲ ዝነበረ ሽግር ክፈትሕ ኣይከኣለን። ከምቲ ደጊምና ዝጠቐስናዮ መራሕቲ ጀብሃ ዝወሰድዎ ዝነበሩ ስጉምትታት ግድላዊ ኣፋፍናት ዘይብሉ ፡ ኣብ ሃይማኖት ዓሌታውን ኣውራጃዊን ባልሕ ኩምኡ ዝኣመሰለ ድሑር መትከላትን ዝተመርኮሰ ጸረ ህዝባዊ ቅዲ-ኮናት ስለዝነበረ ኣተን ዝመጻቕልወን ሓሙሽተ ክፍልታት መምስ ኣንጻራሰታተን ብሃይማኖታውን ዓሌታውን ዝኾነ ካብ ሃገራዊ ጉዳና ዝረሓቐ መስመር ሒዘን ክኸዳ ጀመራ።

እቶም መራሕቲ ክፍልታት ዝኾኑ ሰባት፡ ካብ መጀመርታ ብሃገራዊ ንቕሎ ዘይተንስኡን ዘይበሰሉን ብምንባሮም ፡ ብረሃጽ ህዝብን ንብረትን እናተበለጹ፡ ኣብ ሓድሕዶም እናተቓደዱ ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገርን ሰልፍን ፡ ሓሙሽተ መግዛእታታትን ሰልፍታትን ፈጠሩ። ኣብ ዲክታተርነቶም ዝነየድ ዓቢ ሓይሊ ንምድኻብን፡ንዲክታቶርነቶም ዝኸውን ርእሰማል ንምጥራይ ፡ ሰብኣዊ ሕልና ዘይፈቅድ ናይ ዓመጽ ተግባራት ምፍጻም ጀመሩ ። ኣብ ሓጺር እዋን ብሕታዊ ድልየቶም ንምርካብ ፡ እቲ ኣብ ልቦም ዝነበረ ሃይማኖታዊ ፋናቲዝም ፈረች ክገብርሉ ብዘይምክኣሎም ፡ ንመመኸነይታ ሓደ-ክልተ ናይ ቀደም ዝጽንሖ ናይ ሓደ-ሓደ ዓሌታት ደምን ሕነን ኣተንሲኦም " ህዝቢ ክርስትያን ጸላኢና እዩ፡ ህዝቢ ከበሳ ጸላኢና እዩ። ህዝቢ ክርስትያን ምስ ኢትዮጵያ እዩ ፡ ኣናበሉ ስምዒቶም ኣናገሃዱ፡ ናይ ሃይማኖት ቅልውላው ንምትንሳእ ተጓየቑ ።

ድሕሪ'ዚ መራሕቲ በብወገኖም ፡ ነቲ ዝነበሮም ሓይልታት ኣብ ጋንታት መቓቒሎም ሃብትን ጥሪትን ህዝቢ ክርስትያን ክዘምቱ ኣዘዝዎ። በዚ ትእዛዝ እዚ መሰረት፡ ኣተን ኣብ ቆላ ፡ሰራየን፡ ገምገም ዓንሰባን ዝነበራ ሓይልታት ሳልሳይቲ ክፍልን ፡ ቀዳመይቲ ክፍልን፡

ኣብ ህዝቢ ቈላ፡ ሰራየን ፡ ገምገም ሓማሴን ፡ በበኢዋኑ እና
ተዘምታ ተኻብኪበን ናብ ዙርያታት ከሰላ /ሱዳን/ ዝኣተዋ ክብቲ
ጥቓ ዓሰርተ ሽሕ ተገምጊመን ። ብዘይካ'ዚ እውን ናይ ሰኣማይ
ህዝቢ ኣገዳሲ ነይሩ። ገንዘብን ንብረትን ህዝቢ ተዘምተ። ኣቶም
ጥሪቶም እናተዘምተ፡ ንብረቶም እናበረሰ ቅም ክይበሉ ዝተቓወሙን፡
ዝተማጉቱን፡ ብዙሓት ዜጋታት ብግፍዒ ተቐቲሎም፡ እዚ ግዕዙይ ዘይሰብ-
ኣዊ ተግባር፡ መዓር መዓር እናጠዓሞም ሰለ ዝኸደ ንማንም ግብራይ፡
ካፍር እናበሉ ብዒም ሰብ ሰኺሮም ኣብ ሰንበር ዝተገሃሰ በታ ኣብ
ሓሙሳ ንኣዕሊ ዝኾኑ ገገር ሓረስቶት ብኣረሜናዊ ግፍዒ ቀተሉ።በዚ
ጥራይ ክይኣኸለ ምዝማትን፡ ምቕታልን ናይ ሰላማውያን ደቀባት እና
በርተዐ ክዱ። እንዳራሴታት ጀብሃ በቲ ዝዘመትዎ ገንዘብ ጥሪት
ህዝቢ ሓደ ዓቢ ርእሰማል ስለዘጥረዩ፡ ኣብ ሃገር ሱዳን ነገይቲ
ብምስራሖም፡ መኻይን ጽዕነት ብምግዛእን፡ ዘይነበሮም እናተመርዓዉ፡ ዝ
ነበሮም ድማ ካልኣይ ሰለስተ እናማረዱ፡ እቲ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብ
ግፍዒ ዘቚጸርዎም ዝወሰድዎ ዝነበሩ ገንዘብ ኣብ ሃገር ሱዳንን
ኣብ ሃገራት ኣዕራብን፡ ሃብቲ መደለብን፡ ንብረት መጣጥሒን መዘመዲን
መስከብሉን ኮይኑ።

እዚ ኣኩይ ተግባራት እናበርተዐ ምስ ከደ፡ በሪሁ ዘይተ-
ገልጸ ዝነበረ፡ መልክዕ መራሕቲ "ጀብሃ" ንጹር ተገልጸ። ኣቶም እን·
ዳራሴታትን፡ ዓበይቲ ሰብ ስልጣንን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብኤኮኖሚን፡ ብ
ፖለቲካን ፡ ብሓይሊ ብምምዝማዙን፡ ኣብ ኤርትራ ሓዲሽ ደርቢ
ሕብረተሰብኣዊ ጉጅለ ኮይኖም። ኣቶም ኣብ ትሕቲ መሪሕነቶም ዝ
ነበሩ ወተሃደራት "ጀብሃ" ከም መሳርሒ "ጀብሃውያን" እንዳራሴታት ናብ
ናይ ገንዘብ ግዝኣት ተለወጡ። ብሓፈሻ "ጀብሃ" ከም ሓዲሽ ጠባይ
ሕብረተሰብኣዊ ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ኮይነት ። እቲ ኣብ ትሕቲ ጭቁና
ሃይለስላሴ ጥራይ እየ ዘሎኹ ኢዩ ኢሉ ንናጽነት ዝጋደል ዝነበረ ህዝቢ
ኤርትራ ድማ ኣብ ትሕቲ ዘይፈልጦ ጭቆና "ጀብሃ" ወደቐ፡ እዚ ምስ
ኮነ እቲ ብፍላይ ዝግፋዕ ዝነበረ ህዝቢ ከበሳ፡ እቲ ንናጽነቱ
ኢሉ ዝድግፎ ዝነበረ ሓይሊ፡ ሓይሊ ጭቆና ኮይኑ ስለዝተረኸበ ካብኡ
ምኽኣል ኮይኑ ከም ዓቢ ዕድል ገመቶ። ነቲ ለፍ ዝብለሉ ዝነበረ ናይ
ሃይማኖት ስብከት ፍልልይ፡ ምስክር ስለ ዝረኸበሉ፡ ነቲ መጻምዲ ዝሰ
ኣን ህዝቢ ብረት ሂቡ ኣንጻር "ጀብሃ" ብምዝሳለፍ ገበረ። በዚ ዕጥቕ'ዚ
ነዚ ኩነታት'ዚ ሸለል ብምባል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ገድላዊ ፍታሕ ንብ
ክንዲ ምንፋር፡ ብረት ዝሓዘ ህዝቢ እዩ፡ ብዝ·በለ ምኽንያት፡ ናይ

ዘመተን ቅትለትን ተግባሮም ብምቕዳስ ነቲ ግጭትን፡ፍልልያን ከምዝ-
ክፋፉ ገበርዎ። እቲ ነገር ካብ ሃገራዊ ጉዳይ ኣዚዩ ርሒቑ ናብ ሃ
ይማኖታዊ ምስሕሓብ ምስ ከደ እቶም ኣብ ጀብሃ ዝነበሩ ተጋደልቲ
ብሓፈሻ ሃዐ ስለዘሃበልዎ በቲ "ናቶም የሕመማ" ዝብል መትከል ጀብሃ
ውያን፡ እቶም ኣብ ሓሙሽተ ክፋሊ ዝነበሩ መብዛሕትኦም "ክርስት
ያን" ዝኾኑ ተጋደልቲ ብዝደዱ ክግደስሉን ክሓሙሉን ጀመሩ።

ነዚ ናይ ጸይቂ ተግባር'ዚ ተቓውሞ ኣብ ሜዳ ጥራይ ከይ
ኣኽሉ ጥርዓኖም ንኽስምዑ ናብ ከሰላ ንተዮም ኣብቲ ቤት ጽሕፈት
ቀሪቦም፡ ኣብየት-ኣብየት ኣብ ዝበሉሉ እዋን፡ ናይ ከሰላ ቤት ጽሕፈት
ነቲ ሽግር ቅድሚ ምፍታሑ፡ ነቲ ኣብ ሱዳን ተፈጢሩ ዝነበረ ዘይምዕ-
ቅዳዊ ምኽንያት ብምግባር ነቶም ክጠርዑ ዝመጹ ተጋደልቲ ንሜዳ
ክወርዱ ትእዛዝ ኣማሓላለፈ። እቶም ጠራዐቲ ነዚ ትእዛዝ እዚ ክየፈ-
ጸሙ ኣብ ከሰላ ኣብ ዝጸንሕሉ እዋን ብሰብ ስለባን መንግስቲ ሱዳን
ተኣሲሮም ብዙሕ ስለዝተገባጨዉ፡ ናብቲ ኣብ ከሰላ ዝርከብ ቈንስል
ሃይለስላሴ ኢዶም ሃቡ። ንመጠንቀቕታ እናወሰኹ እንደራሴታት "ጀብሃ"
ኣብ ሜዳ ዝተረፉ ክርስትያን ቀተሉ ዝብል ትእዛዝ ብምትሕልላፍ ካብ
ሚኤቲ ንላዕሊ ዝኾኑ ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ብዘይ ሓደ ገበን ብግፍዒ
ኣብ ሽንጥሮታት እናእተዉ ቀተልዎም። በዚ ግዕዙይ ኣማራርሓ'ዚ፡
እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተላዕለ ጭኮና ናብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ሰልፊ
ኣንጸባረቐ። ኣብ ውሽጢ "ጀብሃ" ሃይማኖታዊ ግጭት ኣባሪተዐ ከደ።
ድሕሪቶም ዝተቐትሉን ኢዶም ናብ ጸላኢ ዝሃቡን ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ፡ ነብ
ምሉእ ሰራዊት ጀብሃ ብቑጽሪ ኣዒብዐ ዝፍቀዱ ውሑዳት ጥራይ ተረፉ።
ከምዉ ብሓድሽ መናፍሕ ፕሮፓጋንዳ ጸላኢ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ኣናጋነነ
ብዘጉስሓ፡ ህዝቢ ከበሳ ብሓፈሻ እቲ ዝነበሮ ህርፋን ዛሕቲሉ ንጀብሃ
ብሕማቕ ዓይኒ ክሪኦ ጀመረ።

እዚ ኩሉ ጸይቃን ከቢድ ግፍዕን፡ መዋእል ዝወሰዶ ይመስል፡
እንተ-ኾነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ካብ መወዳእታ 1966 ክሳብ መወዳእታ
1967 ዝተገብረ ጥራይ ምዃኑ ምዝካር ብዙሕ ዘገርም እዩ። 1967
ተወዲኡ፡ 1968 ምስ ጀመረ እቲ ብእንደራሴታት "ጀብሃ" ኣብ ርእሲ ህዝብን
ጥሪቱን፡ንብረቱን ዝግበር ዝነበረ ናይ መቕተልትን፡ግፍዕን፡ ዘመተን ተግባራት
እናኸፍአን እናገደደን ከደ። ርእሰማላውያን "ጀብሃ" ኣብ ከሰላ ኮፍ ኢሎም
ናይ ዝተሸጠ ከብቲ ገንዘብ ምፍቃድ ግዜ ክወስድ ስለዝጀመረ፡ ስርሖም ኣብ
ሱዳን ኮፍ ኢሎም ክዋፈሩ ጀመሩ። ወተሃደራት ግን ካብ ህዝቢ ከብቲ
ዘሞቱ ንኸሰላ ኣብጺሖም ምምካስ፡ ተመሊሶም ምዝማቱ ኩይኖም፡ ንየው
ነጀው በሉ። ንሳቶም እዉ ዝርከቦም እንተመሰሉሞ፡ ህዝቢ ልቡ እናኣርሓቐ፡
ተቓውሞኡ እናበርተዐ ይኸይድ ነበረ።



ተጋደልቲ፡ ህ.ወ.ሓ.ት ምስ፡ ሸማግለታት፡ ዓዲ፡ ክመያየጡ፡ ከለው።

ረ/ ተሓዲኑባ ናብ ጥቓ ።

እዚ ነገር'ዚ ዘተሓሳሰበም ተጋደልቲ፡ ፍታሕ ናይቲ ዝግበር ዝነበረ ጸይቂ፡ እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ካብ ምሕሳብን ምጥጋብን ዓዲ ኣይወዓሉን ። ወግሐ ጸብሐ ነዚ ሃይማኖታዊ ፍልልይ'ዚ ዘንቃሳ-ቕስ ሓይሊ፡ ሓይሊ ጸላኢ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ሓይሊ'ዚ ምቅዋም ገድላዊ ሓላፍነቶም ከምዝኾነ ዝተገንዘቡ፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ስለዝነበሩ፡ ኣተ-ሃናንጻ "ጀብሃ" ካብ መሰረቱ ንምእራም ተዓጥቑ ።

እቲ ብ1965 ዓ.ም.ፈ ዝተገብረ ናይ ክፍልታት ምምቓል ገድላዊ ስለዘይነበረ፡ ናይቶም ሓሙሽተ እንድራሴታት ዲክታቶርነት ተቓዊምካ፡ ነቲ መሳርሒ ኮይኑ ዝነበረ ሰራዊት "ጀብሃ" ኣረጊእካ ኣከሚርካ ኣብ ትሕቲ ሓደ መሪሕነት ምምጻእ፡ ዋና ፍታሕ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፡ ካብ ብዙሓት ንጹሃት ተጋደልቲ ናብዚ ዕላማ'ዚ ንምብጻሕ ብርቱዕ ጻዕሪ ተገብረ ። ራእሳታትን፡ እንድራሴታትን "ጀብሃ" እዚ ስጉምቲ'ዚ እን-ጻር ይለዓሉ ስለዝነበረ፡ ኣበርቲዖም ። ድሕሪ ናይ ቶኽሲ ወርሒ እቲ ኩናተን ክፍልታት ንምስማር ዝተገብረ ተጋድሎ፡ ብምሉኡ ከይተዓወተ፡ ሳልሳይን፡ ራብዓይን፡ ሓሙሻይን ክፍልታት ምስ ሓይልታት መደበር ታ-ዕሊምን ረዳኢትን ሰሚረን፦ ቀዳማይን፡ ካልኣይን ክፍልታት ግን ብዝ-ነበሩ ተረፉ።

ናይ ምእራም ንቕሎ ሓደ ስጉምቲ ወሲዱ ብመስከረም 1968 ዓ.ም.ፈ. ሰለስተ ክፍልታት ሰሚረን፡ ብሓደ መሪሕነትን ብሓደ ስምምዕ እናሰርሓ፡ ብወታሃደራዊን ፖለቲካዊን ስጉምትታት ብጽቡቕ ኣናግስገሳ ከለዋ፡ ሓደ-ክልተ ናይ ራእሲታት "ጀብሃ" ኮራኩር፡ በቲ ዘይሰመረ ክልተ ክፍልታት ገይሮም ብርቱዕ ተቓውሞ ይገብሩለን ከምዝነበሩ፡ ዝዝከር እዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ'ውን ብዙሓት ተጋሉ ቁርበት በጊዕ ተኸዲኖም፡ ኣብ ውሽጢ ናይዘን ዝጠቐስናየን ሰለስተ ክፍልታት ስምረት ሰሊኾም ከምዝነበሩ'ውን ዘይርሳዕ እዩ ። ብዝኾነ እዚ ስጉምቲ'ዚ ምስ ተወሰደ፡ እቲ ልቡ ኣቝሪሱ ዝነበረ ህዝቢ፡ ልቡ መሊሱ ናብ'ዚ ሰልፊ'ዚ ንምስታፍ ከገብብ ዝነበሮ ከውሕዝ ጀመረ፡ ንውራ'ዚ ህዝቢ ከበሳ፡ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ክርስትያን ብዝበዝሐ ክሳተፍ ጀመረ ።

ግስጋሴ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ንተበለጽቲ "ጀብሃውያን" ጥራይ ኣስገሪፉዎም ኣይተረፈን፡ ንመንግስቲ ሃይለስላሴ'ውን ነዚ ክፍንቀል ሓይሊ ንምድካም፡ ብሓይሊ ሰራዊትን ብስለላን ኣበርቲዑ ብምዝባጥ፡ ታሪኻዊ ዝኾነ ዘይ-ጠፍእ ስጉምታት ገይሩሉ።

እዚ ሓይልታት'ዚ ነቲ ዝነበረ ጸይቂ ንምምሕያሽን ንምእራ-ምን ዝወሰደ ንቕሎ ድኻ እምበር፡ ኣብ ገድላዊ መሰረት ዝተተኽለ ፖለ-ቲካዊ መትከላትን ሕንጻጻትን ስለ ዘይነበሮ፡ እቶም ቁርበት በጊዕ

ሰቢሮም ዝሰሰኑ ተበለጽቲ ብጽሳኢ ዝስድድ ዝነበረ፡ ናይ ስለላ ኵናት መመኽንዪታ ብምግባር፡ ክርስትያን ከይበዝሑ ብዝብል፡ ድሑር ሃይማኖታዊ ኣታሓሳስባ፣ ሓዲስቲ ወተሃደራት ምኽታብ ካልኡት ከምዝኾኑ ዝገልጽ ኣዋጅ ኣወጀ።

እዚ ቀሊል፡ ናይ ዕግርግር ሰበብ ኰይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ናይተን ዝ-ሰመሩ ክፍልታት ምምሕዳር፡ መርዚ ተነዝሐ። እቶም ኣብተን ዘይሰመራ ክልተ ክፍልታት ኾይኖም፡ ምቹእ ግዜ ዕግርግር ንምርካብ ዘማዕድዉ ዝነበሩ ጕሓላት፣ እዚ ኣብ ውሽጢ ዝሰመሩ ክፍልታት ዝተረኽበ ዘይ-ምቅዳው፡ ከም ዕድል ወሲዶም "ፋሕ-ፋሕ ኢሎም ክለዉ ኢና ካዘንጊዕና እንዕወተሎም"፡ ብማለት ንስምረት ናይ ኩሉ ሰራዊት ዝተዓጥቁ ተመሲሎም ክውድኽድኹ ጀመሩ'ም፡ እቲ ካብ መጀመርታ ስምረት ናይ ኩሉ ሓይልታት "ጀብሃ" ዝትምነ ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ሓቂ መሲሉዎ ተሰማሚዑ. ኣብ ዓዲብሎ ዝበሃል ቦታ ተኣኪቡ፡ ምስተን ተሪፈን ዝነበራ ክፍልታት ድሕሪ ምስማር "ቅያዲ ኣልዓማ" ትብሃል መሪሕነት መረጸ። ካብዚ ዓመት እብዘይመስእ ግዜ፡ ቅድሚ መስከረም 1970 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሃገራዊ ጕባኤ ንክራኸብ ተቛጸረ።

ለ/ ካልኣይ ምዕራፍ ገፍዒ።

ወዲ ድሙ ነይገድፍ ግብረ-እሙ፡ ከምዝብሃል፡ እቶም ናይ ሃይማ-ኖታዊ ኵናት ዕድል ስኢኖም ዝነበሩ፡ ሃይማኖታውያን (ፋናቲስትስ)፡ ምቹእ ግዜ ረኺቦም፡ ስልጣን ምምሕዳር "ጀብሃ" ኣብ ኢዶም ምስ ወደቐ ነቶም ብናይ ሃይማኖት ዓይኒ ዝርእይዎም ዝነበሩ "ክርስትያን ተጋደልቲ" ንምሕራድ እጅግኦም ክስብስቡን፡ ባራታቶም ክስሕሉን ጀመሩ። እዚ ንምግባር ነቶም ምስኦም ስልጣን መሪሕነት ለቢሶም ዝነበሩ ተቓወምቶም ምእካይ፡ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ኾይኑ ስለ ዝገመትዎ "ንሽፍኸተ" ካብ ኣገላት "ቅያዲ ኣልዓማ" ኣሲሮም ኣብ ትሕቲ መሬት ናይ ማእሰርቲ ገፍዒ ኣወዲቖዎም። ቀጺሎም ነቲ ገድሊ ንምእራም ንነዊሕ ዓመታት ህርድግ፡ ዝብሉ ዝነበሩ እርትሪውያን ተጋደልቲ፡ "ኪዳን ክፍሉን፡ ወልዲይ ግደይን"፣ "ነዞም ብርቱዓትን ለባማትን እንተዲኦ ቀቲልና ዝተረፉ ኣብኡ ከይበጽሑ" ብምባል ኣብ ማእከል ክሰላ ቀተልዎም። ቀቲሎም ኣብ ክሻ እእትዮም ኣብ ታክሲ ጺዒኖም ናብ "ሓፋር" ዝተባህለ ቦታ፡ ብምሕፋዎም ክኽዱ ክለዉ እቲ መንገዲ ሓጐጽጐጽ ስለዝበርትዖ፡ ሬሳኦም ኣብ ማእከል ጽርግያ ወዲቑ ተረፈ።

ድሕሪ ሞት ናይዞም ጀጋኑ ሰማእታት፡ ከምቲ ናይ 1967 ዓ.ም.ፈ፡ ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ክርስትያን እኪብኩም ቅተልዎም ተባሂሉ፡ ካብ 200 ንላዕሊ ዝኾኑ ንጹሃት ተጋደልቲ ተሓሪዶም ተደርበዩ። ካብ ክልተ ሚእቲ ዝበዝሑ ድማ ነፊጾም ንጸላኢ ኢዶም ሃቡ። ኣብ ርእሲ "ንግባር ክርስትያን ቅተሎ" ኢሉ ዝተዋህበ ትእዛዝ፡ ሓገዝ ምእንቲ ክኸውን "መሊሽያ"

ብዝበለ ጉልባብ፡ ትርጉም ማሕሽዩ ንዘይፈልጥ ህዝቢ፡ ብረት ሒና ዓደሉ ኣብ ምዃኑ ብዙሓት ናይ ክርስትያንን ኣስላምን ወገናት ዝነበረ ብሉጽ ሓነ ክናተግብሩ ናብ ከበሳ ወዲኦም ህዝቢ ክብዝእከበሉ በምባ-ታት ምድርጋይን መትርየስ ምፍታሕን፡ ሸለማት ደቂ ኣንስትዮ ብምግ-ፋፍን፡ ብዓቢ ግፍዒ ተፈጺሙን ይፍጸምን ኣሎ። በዝን ካብኡ ብዝኸፍአ-ን ናይ ግፍዒ ተግባራት ክቶም ኣብ"ጀብሃ" ዝነበሩ ክርስትያን ተ-ጋደልቲ ብጣፈሻ ከምብጣድሽ ዝቐተለን ዘሰለምን ኮይኖም ጠፍኡ።

## በ/ እንታይ ይሓይሽ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ብትውልዲ ክርስትያን ብምዃንካ፡ ብኻሉ ጸየቕቲ ምሕረድካ ይሓይሽ? ኢድካ ንጸላኢ ምሃብ? ንየናይ ይ-ጥዕም?

ብኢድ ሃይማኖታውያን ፋናቲስት ምሟትን፡ ብኢድካ ናብ ጸላኢ ምሃብን፡ ክልቲኡ ሞት እዩ። ክልቲኡ ሕማቕ እዩ። ክልቲኡ መሪር እዩ። ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ክይመረጽካ ስቕ ምባል ኣብ ብልሒ መላጽ ክፍ ምባል ማለት እዩ። ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ካብ ምምራጽ ግን ኣብ ብልሒ መላጽ ክፍ ምባል ይሓይሽ። እምበኣርከስ ክቡር ኣንባቢ! እቶም ኣብ ብልሒ መላጽ ክፍ ክንብል ዝመረጽና ንሕና ኢና። ካብ ብኻራሩ ፋሺስት ጀብሃ ምሟት ካብ ናብ ኢትዮጵያ ምህዳም፡ ኣብ ብ-ልሒ መላጽ ክፍ ክንብል ዝመረጽና ንሕና ኢና። "ኣብ ኩናት ዘይወዓለ በሊሕ" ከምዝበሃል፡ ኣብቲ ንሕና ዝተወዓልናዮ ዘይወዓለ እቲ ንሕና ዘሕለፍናዮ ናይ ስጋን ሓልናን ስቓይ ዘይፈተኖ ወይ ድማ ዘይረኣዮ፡ ብዙሕ ይዛረቡን፡ ይሓምዩናን ይኾኑ። ሓቂቶም ድማ፡ ንሕና ካብቲ ፋሽሽታዊ ምምሕዳር "ጀብሃ" ድኣ ኢና ዝተፈለና እምበር፡ ካብ ተጋደልቲ ኣይኮናን። ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ኤርትራውያን ፣ ሃይማኖታውን፡ ዓሌታውን፡ ወገናውን ...... ወዘተ ፍልልይ ከህሉ ጽያፍ እዩ። ብሓሳብ ከም ተጋደልቲ መጠን፡ እዝን ካልኦት ዝኣመሰለ መርዚ ኤርትራውያን ሕብረተሰብን ክንጥፍእን፡ ክንድምስሶን ድኣ እዩ ዝግባእ እምበር፡ ንሕና ኣብነት ናይ ፍልልይ ክንኮውን ኣይግባእን እዩ። ጉዳይ ሃገር እናበልካ እንታ ስጉጕካ ግን እንታይ ይግበር? ንናጽነት እናበልካ እንተጨቆኑኻ እንታይ ይግበር? እዚ ንተጋደልቲ፡ መልሲ ቀሊል እዩ፤ ከምዚ ኢልና ምእካብና ንህላውየና ሃይማኖታዊ መልክዕ ይህብ ይኸውን፤ ካብኡ ሓሊፍና ግን እንታይ ዘይገበርና? እቲ ንበይንና ክንፍለን ክንእከብን ዝገደደና፡ መሪር ኩነታት ድኣ እዩ ዘሕዝነና እምበር እዚ ዘሎናዮ ኩነታት ፈጺሙ ኣየሕዝነናን እዩ። ምኽንያቱ ቅድሚ ሃይማኖት፡ ሃገርናን ህዝብናን ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ተጋደልቲ እምበር ሰበኽቲ ወንጌል ኣይኮናን። እዚ ክንገብር



ተጋጸወቲ፡ ሀ·ጡ·ጡ·ኤ ነቲ፡ ሀዝበ፡ ናዜ፡ ኸቀወኸ፡ ሎጋዝ
ኸበርኸቶ፡ ኸኸወ።

ዘገደደና ፡ ገድላዊ እምነት ኣምበር ፡ መንፈሳዊ ስብከት ኣይኮነን። እዚ ምግባርና ድማ ሓቦን ቅንዕናን ፍቕሪ ሃገርን ኢና ንቖጽሮ።

## ንሕና ተጋደልቲ ድኣምበር ነብያት ክርስትና ኣይኮናን።

ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ብዘይካ ውሑዳት ሃይማኖት ዘይብሎም ፡ ህዝቢ ኤርትራ ፍርቁ ኣብ ክርስትና ፡ ፍርቁ ድማ ኣብ ምስልምና ክምዝኣምን ክንከታዓሉ ኣይንደልን። መራሒቲ ጀብሃ ሃገራዊ ሰላምና ኣብ ክንዲ ምግላጽ ፡ ህዝቢ ኤርትራ 80% ኣስላም ፡ 20% ድማ ክርስትያን እዮም እናበሉ ፡ ይጽሕፉን ይዛረቡን። ኣብ ክንዲ ብስም ህዝቢ ኤርትራ ብስም ኣስላም እውን ክምዝጠቐሙ ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኢና።

ንሕና ክም እንኣምነሉን ፡ ክምእንፈልጦን ፡ ህዝብና ብምልኡ ከም ካልኦት ህዝብታት ዓለም ተጨቊኑን ይጭቆንን ክምዘሎ፡ እቲ ንደልዮ ድማ ሓርነት ናይ ህዝብናን ብምሉኡ ናይ ጭቁን ህዝቢ ዓለምን እዩ። ኣብ ኤርትራ ክንደይ እዮም ኣስላም? ክንደይ ድማ ክርስትያን ኣይጠድሰናን እዩ። እዚ ነቶም ወንጌልን ቁርኣንን ዝዕድሉ ይጠድዶም። ኣብ ኤርትራ ኣስላማይ እንተተጨቊኑ ፡ ጭቁና ናይ ኤርትራውያን ፡ ክርስትያን እንተተጨቊኖም'ውን ጭቁና ናይ ኤርትራውያን ብሓፈሻ እዩ። ጭቁና ሃይማኖት ይፈሊ እዩ ኣይንብልን ኢና።

ኣብ ኤርትራ ኣስላም ጥራይ ሓራ ንምውጻእ ዝግበር እንተ-ኣሎ ተቓወምቱ ኢና። ኣብ "ጀብሃ" ክርስትያን ንምጭፍጫፍ ንምዕማጽን ፡ ዝግበር ዓሌ እንተደኣ ኣሎ እውን ተቓወምቱ ኢና። ናይ ዝኾነ-ይኹን ዓይነት ጭቁና ተቓወምቲ ኢና።

ንሕና ክርስትና ኩይኖም ተሓሪቖም ክይብሉና ብምባል ፡ ክርስትያን እንተጨቊኑ ኣዒንትናን ኣዓዲትና ስቕ ኣይ-ክንብልን ኢና። ክንቃወም ኢና። እንቃወሞ ድማ ጭቑና ስለዝኾነ ደኣ ኣምበር ናይ ሃይማኖት ጠበቓታት ኮይና ኣይኮነን። ክይብሉና ኢልና ሓላፍነትና እንርስዕ ተጋደልቲ ኣይኮናን። ኣብዚ ነቶም ብሃይማኖት ዝግደሱ ኣህዛብ ፡ ወይ ሃገራት ከነብርሆ ንፈቱ ፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ብሃይማኖት ክፋፈል ፍርቂ ፍርቂ እዩ። ክርስትያን ኣብ ኣብያተ ክርስትያኖም ፡ ኣስላም ድማ ኣብ መስጊዶም ፡ ናይ እምነቶም ሓርነት ክምዘሎ ነረጋግጽ። እቲ መራሒቲ ጀብሃ 80% እናበሉ ዘውርይዎ ስብከት ሓሶት ምዃኑ ክርዳእ ንዝደሊ ድማ ፡ ኣብ ኤርትራ ክዛወር እንተዘይ ጣዓሞ ታሪኽ ኤርትራ ክንብብ ነዘኻኽሮ።

ተጋድሎ ሃገራዊ ንቕሎ ድኻ ኣምበር፡ ናይ ጂሃድ ተጋድሎ ወይ ናይ መስቀላውያን ንቕሎ ኣይኮነን። ከምኡ ዝመስሎም ሰባት እንተደኣ ኣሎዎም ክእረሙ፡ ብኡኡ ዝሰርሑ እንተደኣ ኣሎ-ዎም ክቋረጹ እና ኣዘኻኽርና ምእንቲ ክርስትና ወይ ምስልምና ኢሉ ዝወሃብ ሓገዝን ደገፍን፡ ንዓና ዋጋ ከምዘይብሉን ከምዘይ ፍልጦምን፡ ነቶም ዝህቡ ድማ ክሳራ ከምዝኾነ ክነረጋግጽ ንፈቱ።

ነቶም ሃይማኖት ከም መሳርሒ ገይሮም ክበልዑ ዝደል-ዩ ኤርትራውያን ድማ፡ ብሓሶት ነውሪ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ህዝቦምን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዓለምን ጸሊም ታሪኽ የመዝግቡ ከምዘለዉ ነፍልጦም። ንተጋደልቲ ህዝብናን ንተጋደልቲ ህዝቢ ዓለምን ድማ፡ ንሕና ኣብ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ዘይንኸይድ፡ ንሓንቲ ኤርትራን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን፡ ኣንጻር ጭኾናን እንጋደል ከምዝኾና እናዘኻኽርና፡ ብሃይማኖት ንዝሰርሑን ንዝሽቅጡን ተበለጽቲ ሓቢሩ ምሳና ክኾኑ ንምሕጽን። ኤርትራውያን ኣምበር ኣዕራብ ኣይኮናን።

ዓረብነት ከም ሓደ መጥለፊ ወረቐት ብምግባር መራሒቲ "ጀብሃ" ብዘይካቶም 20% ዘይኮኑ ሓበሻ 80% ካብ ህዝብና ካብ ዓረብ ዝውለድ ህዝቢ እዩ። ሃገርና ሃገር ዓረብ እያ። ቋንቋና ዓ-ረብኛ እዩ። ከምቲ ንምስልምና መሸቀጢ ገይሮም ዝሰብኩሉ ንዓረብነት እውን ሰሊጦሙሉን ይሰርሑሉን እዮም። ብጂኦግራፊካዊ አቀማምጣ ኤርትራ ኣብ ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ እትርከብ ናብ ዓረብ ዓለም ቀረባ ዝኾነት ሃገር እያ። ካብ'ዚ ኣቀማምጣ እዚ ዝተሳዕለ ኣብቲ ኣንጻር ሃጸያውያን ዝግበር ተጋድሎናን ተጋድሎ ህዝቢ ዓለምን፡ ገድሊ ኤርትራ ኣህጉራዊ ተጋድሎ ብምዃኑ፡ ኣብ ስልፊ ማእከላይ ምብራቕ እትው ከምዝኾነ፡ ገድላዊ ሓላፍነት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ስትራተጂካዊ ኣድላይነት ከምዝግደድ ዝተረጋገጸ እዩ። ኣብ'ዚ ሰለፍ'ዚ ምስ ኣሕዋትና ኣዕራብ ክንጋደል እንክሎና፡ ገድላዊ ንቕሎናን ሓላፍነትናን፡ ስትራተጂካዊን፡ ኩነታት ተጋድሎ-ናን ስለዝሓተቶ ድኻ ኣምበር ኣስላም ወይ ኣዕራብ ስለ ዝኾና፡ ኣብ ዓረባዊ ተጋድሎ ኣቲና ኣህጉራዊ ተጋድሎና ምርሳዕ ማለት ኣይ-ኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ ኣስላም ይኹን ክርስትያን፡ ብናይ ትውልዲ ሓረግ ምስ ኣዕራብ ዝምድና ከምዘለዎ ማንም ኣይስሕቶን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ቅድሚ ኩሉ፡ ኤርትራዊ ድኻ ኣምበር ዓረባዊ ከምዘይኮነ ክንግንዘቦ ይግባእ። ንሕና ግን ብሕብሪ ምስ ዝመ-ሳሰሉና ኣህዛብ ክንጋደል፡ ወይ ብዓሌት ምስ ዝዛመዱና ኣህዛብ

ክንሃይል ኢና፤ ሓብራዊን ዓሌታዊን ተጋድሎ እንተድኣ ኣርእዩ ግን ሕብራን ዓሌትን ዘይንፈልጦ ዘይንጽብጽበን ተጋይልቲ ስለ ዝኾና ተቓወምቱ ኢና። ዓረብነት ወይ ተጋድሎ ናይ ኣዕራብ፡ ኣብ ሕብርን፡ ዓሌትን፡ ሃይማኖትን ዝተመርኮሰ እንተይኑ ኩይኑ፡ ንሕና ሕብርን፡ ዓሌትን፡ ሃይማኖትን ዘይንፈሊ ኤርትራውያን ከምዝኾና ነፍልጥ። ከምኡ እውን ቋንቋ ሓደ መሳርሒ መሳፍንቲ "ጀብሃ" ስለ ዝኾነ፡ «ህዝቢ ኤርትራ ቋንቋኡ ዓረብኛ እዩ፡ ካልኦት ከም በዓል ትግርኛ ትግረ.....ወዘተ ድማ ኣለዎ»፡ እናበሉ ይዛረቡ እዮም። ብዙሓት ቋንቋታት ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈልጡ፡ እውን ይታለሉ ይኾኑ። ብዛዕባ ቋንቋታት እቲ ኣብ መጀመርያ ጽሑፍና ሂብናዮ ዘሎና መብርሂ፡ መሳፍንቲ "ጀብሃ" ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንፈደራዊ ውሳኔታት'ኳ ብሩሩ ክይፍንዎ እንተዘይክኣሉ እቲ ዝትምነዩዎ ነገር ኣብ ግብሪ ንምዕባል ጺዒሮምን ዩጽዕሩን ኣለዉ። እዚ ኩሉ ዓዕሮም ድማ ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ቋንቋታት ኣጥፊኦካ ዓረብኛ ጥራይ ሃገራዊ ቋንቋ ንምግባር እዩ። ኣብ ውሽጢ "ጀብሃ" ቋንቋ ትግርኛ፡ ከምኡ እውን ካልኦት ቋንቋታት ተዓምጺጾን ከምዘለዋ፡ እቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ እምበር፡ ካልኦት ኣጸቢቆ ኣይፈልጥዎን ይኾኑ። ፋናቲስትስ "ጀብሃ" ትግርኛ ክሰምዑ ርእሶም ከምዝሓምሙ፤ ሕሉፍ ሓሊፎም ዝተወሰኑሉ ቋንቋ ረሲዖም ሓኻኺምን ዓረባውያን ክኾኑ ዝትምነዩ ሓደ-ሓደ ዓያሹ ከምዘለዉ ዘይስሓት እዩ።

ኣብዚ ክንፈልጦ ዘንደሊ፡ ብፍላይ ንህዝቢ ዓረብን፡ ሃገራት ዓረብን፡ ንሕና ጽልኢ ዓረብኛን ዓረብን የብልናን፤ ታሪኻዊ ዝምድና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ዘሎናዮ ክፍለዘመን፡ ስትራተጂካዊ ዝምድና ከምዘለና ከምዘድልየና፡ ንርድኦን ንደልዮን ኢና። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን ካብ ህዝቢ ዓረብን መንግሥታት ዓረብን፡ ዘድልየና ሓገዝ ንምርካብ፡ ወይ መራሒቲ ንምድሳት፤ ቋንቋታትና ደምሲስና፡ ቋንቋታት ኣይንሸይጥን ኢና። ወይ ኣይፈልጡናን እዮም ኢልና ነታልሎም ብሃልቲ ኣይኮናን። ሓቂ እዩ ክሽርፍሉ ዝፍትኑ መንደላሓቕቲ ብዙሓት እዮም። በዚ ምኽንያት እዚ እውን ብዙሓት ኣዕራብን መንግሥትታቶምን ካብ መራሕቲ "ጀብሃ" ብዝሰነቕዎ፡ ቋንቋ ኤርትራ ዓረብኛ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዓረብ እዩ፡ እናበሉ ዩዛረቡን ዩጽሕፉን፡ ኣብ ወረቓቕቲ ጁኦግራፍ ይስእሉን እዮም። ኣዕራብ ነ[illegible]፡ እንተንኸውን፡ ወይ ድማ ቋንቋና ዓረብኛ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ኣዕራብ ኢና ምባል፡ ወይ ብዓረብኛ ምዝራብ ኣይምሓፈርናን ነይርና። ኤርትራውነትና ክንጠልም፡ ቋንቋና ካብ መልሓስና ክንሓኽኽ ስለ ዘይንኽእልን ዘይንደልዮን፡ ሓቂ ንምዝራብ ድማ ዘሕፍረና ነገር የልቦን።

- ኣብዚ ዘሎናዮ ክፍለዘመን፡ ብዙሓት ኣህጉራውያን ቋንቋታት

ኣለዉ። ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ክንዛረብ ምስ እንደሊ እውን
ብዙሓት ኣህጉራውያን ወይ ሰፋሕቲ ቋንቋታት ክንፈልጥ
ኣድላዪ እዩ። ንህዝብናን ሃገርናን ምስ ዓለም ኣነፋልጠሉ መንገዲ
ግን ቋንቋኡ ኣማዕቢልና፡ ብቋንቋኡ ምስ ኣነስተምህሮን ኣነ
ፍልጦን ድኻ እምበር፡ ቋንቋ ባዕሊ ተለቂሕና ብኡኡ ክንምህሮን
ክንቀስሞን ምስ እንጽዕር ካብ እንዛረበሉ ቋንቋ፡ እዚ ቋንቋ'ዚ
ይሰፍሕ፡ ካብዚ ቋንቋዚ ይሓይሽ እናበልና፡ ቋንቋታት እናመረጽና
ክብ ክንብል ምስ እንፈትን ከም ሸቀጦ ባዕዳውያን ቋንቋታት ጥራይ
ዘይኮነስ፡ ኣብ ክንዲ ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት፡ ሽሕ ስጉምቲ
ንድሕሪት ተመሊስና ሓደ ኩነታት ክለዝቀጽር፡ ካብዚ ድንገታዊ ጉ-
ዕዞ'ዚ ምቕጣብ ይሓይሽ።

ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ጥልያን ቋንቋታትና ደምሲሱ፡
ቋንቋኡ ክስተምህር ፈቲኑ እዩ። እንግሊዛውያን እውን ቋንቋኦም
ኣስፋሕፊሖም እዮም። ኣብዚ ዘሎናዮ ሓዲሽ ጭኑና እውን
መንግስቲ ሃይለስላሰ፡ ቋንቋታትና ደምሲሱ፡ መጻሕፍትና ኣቃጺሉ፡
ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ክስፋሕፍሕ ይፍትን ኣሎ። እቲ ጅግና ህዝቢ
ኤርትራ ነዚ ካብዚ ዝኣመሰለ ምስፍሕፋሕ ግን ንጸቢቑ ተቓዊ-
ሙዎን ይቃወሞን ኣሎ። ብዙሓት ኤርትራውያን እውን ብስደትን
ንትምህርትን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓረብን፡ ዓለምን ብምልኡ ኣስፋ-
ሕፊሖም ይርከቡ ኣለዉ። ኩሉ ክዩድዎ ናብ ዝነበረ ሃገር ብዘይምጽኑ
ቋንቋ ተዛሪቡን፡ ተመሃሪኑን፡ ታዓለሙን ምስ ዝብል ግን፡ ተጋደልቲ
ኣይትኾኑ፡ ሃገራውነትኩም ደምስሱ መለት ስለ ዝኾነ ኣይንቕ-
በሎን ኢና። ኣብዚ ደጋጊምና ክነዘኻኽሮ እንደሊ፡ እቲ ዝሕግዘናን
ምሳና ዝተሓጋገዝን ህዝቢ ይኹን፡ መንግስቲ ምኽንቲ እንጓደሎ
ዘሎና ቅንዕ ሃገራዊ ንቕሎ ይሓግዘና ደኣ እምበር፡ ምኽንቲ
ዘይናትና ክሕግዘና ዝዕጠቕ ዘበለ ኩሉ፡ ሓጋዚ ዘይናትና ስለ
ዝኾነ ኣይንቕበሎን ኢና። እቶም ንህዝቢ ኤርትራን፡ ቋንቋኡን፡
ባህሉን፡ ታሪኹን ዘይፈልጡ፡ ክሕግዙና ዝደልዩ ህዝብን መንግስታ
ትን ድማ ሃገርናን ህዝብናን ንኽፈልጡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ
ንኽዘሩ ንዕድሞም።
ገብሮ ብዝተረፈ፡ ኣብ ሓሰውቲ ሸቀጦ ብሰነቕዎ ጸብጻብ ዝምርሒ መንግስታት መሰልን ክብረን ኤርትራው
ነትና ይግህሱ ስለ ዘለዉ፡ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምትታት ክቖጠቡ ነማሕጽን፡ ኤርትራውነትና
ግሂሶም፡ ብሕቶታዊ ድልየቶም ክስፋሕፍሑ ህርድግ ዝብሉ መንግስ-
ታት ምስ ዝህልዉ ግን፡ ኤርትራውነትና ንምክባር ዘለና ዘይንብል
ቀራጽነት ክምዝኾነ ክነረጋግጽ ንፈቱ።

ንሕዝብና ህዝቢ ኤርትራ፡ ክነረድኦ እንደሊ፡ ነቶም ብሰም
እስላም ኢና፡ ኣዕራብ ኢና፡ ቀደምቲ ኢና፡ ክደሮት ኢና፡ እናበሉ፡

ዝሸቐጡን ዝጣልዑን ጉሒላታት፡ ኤርትራውነቱ ንኽፍልጦም ሓሳፍነቱ ክምዝኾነ ንምዝክኽር ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ንደገፍትና ዝኾኑ መንግሥታት ዘተልሉ ዘለዉ ለፍለፍቲ፡ ኤርትውነትካ ለዊጥካ ዝረኸብ ሓገዝ፡ ንንቕሎና ዝጎድእ እምበር፡ ዝድግፍ ስለ ዘይኮነ ካብ ሓሰት ክምዝቁጠቡ ንምግባር እዩ።

## ዓሌታውያን ወገናውያን ኣይኮናን።

ኣብ ህዝብና ይኹን ኣብ ሰልፍና፡ ተበለጽቲ "ጀብሃውያን" ንናይ ገዛእ ርእሶም ጠቕሚ፡ ዓሌታውን፡ ወገናውን ፍልልይ ኣናገበሩ፡ ንህዝብና ኣብ ማእለያ ዘይብሉ ጉድኣታት ከፋፊሎም ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ንፍልልይ ዝግበር ጻዕሪ ኢውን ይቕጽል ስለ ዘሎ እቲ ጉድኣታት እናጸበበን፡ እናበዝሐን ናብ ጉደቦታትን ማይቤታትን ክይሰግር ዘስግእ እዩ። መራሕቲ ጀብሃ ንህዝቢ ኤርትራ ክምዚ ጌሮም ምምቕቓሎም፡ እቲ ዝመቓቕልዎ ዘለዉ፡ «ናትና! ናትና!» እናበሉ ዝመናጠሉ፡ ዓሌታትን፡ ወገናትን ረብሓ ኣይኮነን። እቲ ካብዚ ዝጥቀም ዘሎ እቲ ሓደሓደ ተበላጺ ድኣ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

ንረብሓ ናይ ውሑዳት ክንብል፡ ንህዝብና ኣብ ጭኮና ኣውዲቖና፡ ትም ምባል ሕልናና ስለዘይፈቅደ፡ ብሃገራዊ ጉዳይና ኣብ ክንዲ ምግዳስ፡ ኣብ ናይ ዓሌታዊ ምስሕሓብ ተናዊሕና ካብቲ ቅኑዕ ክንዝንብል ስለ ዘይንደሊ፡ ነቶም በዚ ዕላማ'ዚ ዝሰርሑን ዝብሰጹን ተቓወምቶም ኢና። ኣብ ውሽጢ ሰልፍና፡ ናይ ዓሌታዊ ሸርነት እናገበርካ፡ ብዓል እከለ ምሳይ ኣለዉ እናበልካ ሓይልኻ ኣህጢርካ ንምርኣይ ዝግበር ናይ ሸርነት ውድድር ኢውን እና ማዕበለ ክኸይድ ንርኢ ስለ ዘሎና፡ ሸርነት ናይ ዓሌታት ዘይንደሊ ክምዝኾነ ነቶም ብዓሌታዊ ሸርነት ተሸይጦም ክም ኩሕሊ መልክዕ ክንኮኖም ዝፈተኑን ዝፈትኑን ሰባት ነብሶም ክይተዓሻሸዉ እናዘኻኸርና፡ እዚ ካበይ እዩ? እዚ ወድመን እዩ? ሸርነትና ናይ ንጹሃት ተጋደልቲ እንሃርፍ ክምዝኾነ ጥራይ ክነፍልጦም ንደሊ። _

## ዕላማና።

ናብ ዕላማና ንምብጻሕ ዘሎና ናይ ስራሕ መደባት ብቕዱምነት ምስ ተጋደልቲ ኤርትራውያን ክንዝተየሉ'ኳ እንተኾና፡ ናይ ዕላማና ዝርዝር መግለጺ ኣብ ካልኣይ ጽሑፍና ክሳብ እን

ገለጽ ዕላማና ብሓጺሩ ፡ ንሰብ ብሰብ ዝግበር ናይ ኢኮኖሚን ፖለቲካን ጭቁና ዘይብሉ ሕብረተሰብ ንምፍጣርን ፣ ብሕርሻን ብኢኮኖሚን ፡ ብትምህርትን ፡ ምዕብለትን ፡ ሃብታምን ሃገር ንምሕ-ጓምን፣ ናይ ሃይማኖትን ፡ ዓሌትን ፡ ወገንን ጾታ ፍልልይ ከይ-ገበርካ ሕቡር ኤርትራዊ ስልፊ ሃኒጽካ ፡ ምስ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ ፡ ብፍላይ ድማ ምስ ኣብ ኣፍሪቃን ኤስያን ላቲን-ኣመሪ-ካን ዝርከቡ ገስገስቲ ህዝብን መንግስታትን ተጋድሎታትን ተ-ሓጋጊዝካ ፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ዓለማዊ ሃጸይነት ምውዳቕን፡ ንእስራኤል ምድምሳስን ፣
ብመጀመርያ ካብ ጭኩና ኢትዮጵያ ሓራ ንምውጻእ ከዕጥቕ ብረት ምግዳል እዩ ::

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ !
ዓወት ንተጋደልቲ ህዝቢ ዓለም !
ዕድመ ንተጋደልቲ ኤርትራውያን !
ጭኩና ኢትዮጵያ ይደምሰስ !
ወድቀት ንሃጸያውያንን ጽዮናውያንን መድሓርሓርትን !

1. In memory of all Eritrean Martyrs !
2. Our martyrs the foundation of our country's liberation !
3. No alternative for Eritrea's full independence !
4. Eritrea - Eritrean freedom forever
5. All for Eritrea - Eritrea for all
6. Long live the ELA and EPLA !

15 FEB 1986

Thanks !
T.H.D.

15 FEB 1986

15 FEB 1986
15 FEB 1986
15 FEB 1986

UNION OF ERITREAN STUDENTS
15 FEB 198

# ዓምዲ ቃላት ::

ሓፋሽ = ተራ ሕዝቢ ብምልኡ (masses)

ሕሉፍ ጸጋም = ነቲ ግቡእ ናይ ለውጢ ስልትታት ከይተኸተልካ ግጉይ መንገዲ ወሲድካ፡ ፍር ኢልካ መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ምፍታን ::(left extrimism)

ሕብረ ጥበባት = ናይ ማእከላይ መዋእል ናይ ኣብያተ ዕዮ ማሕበራት

መንደሳሓቒ = ሸተት በሃልቲ፡ ምእንቲ ክብለጹ ካብ ቁንዕ መተክል ዘምበልቲ ::

ሠስፊነ ርእሰ ማላዊ = ናይ ርእሰ ማላውነትን መስፋንነትን ኢኮኖሚያዊ ቅዋሙን ባህርዩን ዝተሓናፈጸሉ ናይ ምስግጋር ሕብረተ-ሰብ

ምስፋፍ = ኣብ ልዕሊ ማይ ምኻድ :: ጸብለል ምባል :: (to sail)

ምዉት ዕዮ = ዕቑር ዕዮ :: (stored up labor)

ማእቶት = እቶት ንምርካብ ዝግበር ሓፈሻዊ መስርሕ ::(production)

ረቛሒ = ገባሪ :: ሰሪሒ :: (factor)

ርሂጽ በላዕ = ብርሃጾም ዝነብሩ (ሸቓሎን ገባሮን)-the toiling people-

ቀቢላ = ጉሳ ፤ ሓደ መበቈል ወለዶ ዘለዎም፡ ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ዓሌት :: (tribe)

ባህሊ-ሓሳብ = ፍልስፍና (philosophy)

ተልእኮ = ዘይተርፍ ግቡእ ዕማም (mission)

ተነጽሎ = ካብ ቦታኻ ብኻልኦት ሰባት (ሓይልታት) ምፍላይ -(alienation)-

ትሕቶ ቅዋም = ስረት ፣ ናይ ኤኮኖሚ መሰረት (infrastructure)

ነገርነት = ህላዌን ምዕባለን ናይ ሓደ ኣካል ኣብ ናይ ውሽጡ ባህርን ኩነታትን ዝተመስረተ ምዃኑ ዝገልጽ ገህረ-ጣሳብ :: (materialism)

ኣምር = ቅዉም ኣተሓሳስባ :: (concept).

ኣኽሙዝ = ሻምቡቆ (ተበረት)

ዓርሞሽሽ = ሓያል :: ዋሕሻ

ዓቀይቶት = ጭቑጥ ዘይኮኑ : ባርያ እውን ዘይኮኑ ሰባት፣ ኣይተወሰሩ ኣይመሳፍንቲ :: (Plebians).

ዝተፋነኑ = ዝፋጠጡ (confronting)

ደርማስ = ግዙፍን ሓያልን ኣካል (jiant)

ገላዉ = ጊላታት

ገነታዊ = ክንቱ ጽቡቕ ተምኔት :: (utopian)

ግዳይ = ጥቓዕ :: (victim)

ጥብቆ = ንእሽቶ ዝተላገበት ነገር :: (appendix)

ሪቕ = ኣዝዩ ዓቢ ቆፎ : (silos)

ብልሀታት = ሓዲሽ ሓሳብ ዝምህዝ ወይ ሓዲስ ነገር ዝምህዝ
- creatives, inventors -